# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.69 | ሓሙስ 20 ሕዳር 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ርእሰማልነት ንሱብ ዝቖየረ ናብ ንብረት

ገጽ 4
ጂኦፖለቲካዊ ርከሳ






ገጽ 5
ሓሳብ ልብና ክሰምር





ገጽ 11
ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2025 - ሉሚ...




# ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ምስ ወከልቲ ህዝቢ ርክብ ኣካዪዱ

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ኣብ ምርግጋጽ ተጠቃምነት ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ምዕሩይነት ተሳትፎ ኣብ መኣዲ ትምህርትን ዘተኮረ ርክብ፡ ኣብ ኣማኒይት ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ብ14ን 15ን ሕዳር ምስ ወከልቲ ህዝቢ ንኡሳን ዞባታት ፎርቶ-ሳዋ፡ ከርከበትን ሰልዓንን ዝተኻየደ ርክብ፡ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ንኩነታት መቑሕሮ ናይ'ቲ ከባቢ ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ኣብ ምምሕያሽ ማሕበረ-ቁጠባዊ ህይወት ዘተኮረ ልምዓታዊ መደባት ይትግበር ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ተጠቃምነት ዝተዋደደ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ብወሀደት ክሰርሕ ኣዘኻኺሩ።

ንተሳታፍቲ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ብዘምልከት፡ ኣብ'ተን ንኡሳን ዞባታት



ዝምዝገብ ዘሎ ዕብየት ማዕረ'ቲ ተፈጢሩ ዘሎ ዕድል ደሰቡም ስለዘየሉ ንምምሕያሹ ስሉሳዊ ዝምድናታት ክሕይል፡ ሕጽረታት ንምቕላል ተበግሶ ክወሰድ፡ ዕድመኦም ንትምህርቲ ዝኣኸለ ቆልዑ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ክቐርቡ፡ ከምኡ'ውን ቁጽሪ ተመሃሮ ብሓፈሻ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ንምዕባይ ተራ መማህራንን ኣመሓደርቲ ከባብን ከዓቢ ኣተሓሳሲቡ።



ተሳተፍቲ ኣብ መውዓእታ፡ ግቡይ ኣመላኻኽታ ሕብረተሰብ፡ ከምኡ'ውን ሰበኽ-ሳዮማዊ መትዓብርን ቁጠባዊ ጸገማትን ካብ'ቲ ኣገልግሎት ትምህርቲ ከም'ቲ ዝድለ ከይሰብሩም ዝዕንቅፍ ዘሎ ሽግራት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ቁሉሕታ ሂቦም ክሰርሕሉ ጸዊዖም።

# ደቡብ - ንመራሕቲ ማሕበራት ሰራሕተኛታት ስልጠና ተዋሂቡ

ጨንፈር ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ደቀምሓረ፡ መንደፈራ፡ ሰገንይቲ፡ ድባርዋን ዓዲ-ኳላን ንዘርጥፉ 70 መራሕቲ ማሕበራት ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ንጥፈታቶም ዝሕግዞም ስልጠና ወዲቡ።

እቲ ኣብ መንደፈራ ብ11ን 12ን ኣብ ደቀምሓረ ድማ ብ14ን 15ን ሕዳር ዝተኻየደ ስልጠና፡ መሰረታዊ ኣምራት መሪሕነትን ምሕደራን፡ ሜላታት ኣፈታትሓ ግርጭታት ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ኣገዳስነት ውዳቤ፡ መምርሒታት ሕጊ ዕዮ፡ ከምኡ'ውን ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቦታ ስራሕ ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ዘተኮረ'ዩ ነይሩ።

ኣቲ ስልጠና ካብ ዝሃቡ ኣቶ ኣብርሃም በረኸትን ወ/ሮ መኣዛ ሚከኤልን፡ መሰረታዊ ክልሰ-ሓሳብ ምሕደራን መሪሕነትን ተኸቲልካ




ዝትግበሩ መደባት ስራሕ፡ ጥቕሚ ኣጠቓቕማ ጸጋታት ንምርግጋጽን ዕላማኻ ንምውቃዕን ልዑል ኣስተዋጽኦ ስለዘለዎ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ትካላት ቁጸመን ዘለዋ ማሕበራት ሰራሕተኛታት ነዚ ስነ-ፍልጠታዊ መገዲ ተኸቲለን ስራሓተን ክዓማ መኺሮም።

ኣፍራይነትን ኣብርክቶን ሰራሕተኛታት ንኽዕዝዘዙ ምሕያል ውዳበ ሰራሕተኛታት መሰረታዊ ከምዝኾነ ዝገለጹ'ቶም ኣሰልጠንቲ፡ ናይ ሓባር ራኢ ብኣደማዕነት ንምስማር፡ ውዳበ ሰራሕተኛታት ብዕቱብ ክሰርሓሉ ኣዘኻኺሮም።

ሰልጠንቲ፡ ውዳበታት ሰራሕተኛታት ንምስፋሕ ከምኡ'ውን ድሕነትን ጥዕናን ሸቃሎ ንምሕላው ብዘዕባ ክትግበሩ ዘለዎም ዕማማት ድሕሪ ምዝታይ፡ ብቑዓት ሰራሕተኛታት ዘዕቢ ስልጠናታት ክድፋኣሉ ተላቢዮም።

ኣብ መውዓእታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ዞባ ደቡብ ኣቶ ተኽስተ ምሕረትኣብ፡ ሃሰሌ ኣብ'ቲ ዞባ ሞያዊ ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ንምዕባይ ዞባይዶም ስርሓት ንምስፋሕ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

# ጋሕቴላይ - ኣብ ምጥርናፍ ዓድታት ዘተኮረ ርክብ ተኻዪዱ

ኣብ ጋሕቴላይ - ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ህዝቢ ሳላ ዝተጠርነፈ ተጠቃሚ ናይ'ቲ በቦግዚኡ ዝተዋደደ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ኮይኑ ብቐጻሊ ከምዘሎ፡ ብ16 ሕዳር ኣብ ዝተኻየደ ርክብ ተገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ጋሕቴላይ ኣቶ ዘርእሰናይ ጋይም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ከምእተዋደደ፡ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ንምውሓስ ብምውህሃድ ህዝብን ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎን 150 በርሚል እትሕዝ ባኮ ከምእተሃንጸት፡ ከምኡ'ውን መሰረታዊ ኣገልግሎት ጥዕና ከምእተዋሕሰ ኣብሪሁ።

ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ንእብርቲ ናይ ሸቐለት ዕድላት ፈጢሩ ከምዘሎ ብምጥቃስ ድማ፡ ዛጊት ተዋዲዶ ዘሎ ኣገልግሎታትን ካልእ ዕድላትን ወጽኢት ጥርናፈ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ዘቤታዊ መተካእታ ጸዓት ፍታሕ ክናደየሉ፣ መስርሕ ምዕዳል ንመንበሪ ዘገልግል መሬት ቅልጡፍ ቁሉሕታ ክወሃቦ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ይሓይሽ ጉብረስላሴ ብወገኑ፡ ነበርቲ ኣብ መደባት ልምዓት ብሓፈሻ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ድማ ብፍላይ ዝርኣዩዎ ተሳታፍነት ብምምስጋን፡ ኣብ ምክንኻንን ምምዕባልን ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ኣብርክቶኦም ከዕዝዙ ተላብዩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ተለንተ መሓመድ-ሳልሕ እስማዒል፡ ኣብ ምክልኻል በደላት፡ ገበናትን ሓደጋታት ትራፊክን ዘተኮረ ሰሚናር፡ ንእብርትን ተመሃሮን ከምዝሃቦ፡ ወከልቲ ኤረና ሓቢሩ።

# መግለጺ ብምኽንያት 20 ሕዳር ኣህጉራዊ መዓልቲ ቘልዑ

20 ሕዳር 2025፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ቈልዑ እያ። ሎሚ ዘበን እዛ ዕለት፡ "ብሉጻት ቈልዑ መርኣያ ውሕሉል ኣልያ ወለዲ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ትዝከር ኣላ። እዛ ክብርቲ መዓልቲ፡ ብደረጃ ዓለም ንመበል 67፡ ብደረጃ ሃገር ድማ ንመበል 34 ግዜ'ያ፡ ተዘኪራ ትውዕል ዘላ። በዚ ኣጋጣሚ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ንቈልዑ ድማ ብፍላይ "የሃና እንቋዕ ኣብጽሓኩም!" ይብል።

ባህርያት ናይ ሓደ ሰብ መብዝሕትኡ ግዜ ካብ ዝዓበየሉ ሃዋህው ናይ ስድራቤት፡ ብፍላይ ድማ ካብ ተመራመርቲ ዝብልዎ፡ ባህርይ ናይ ደቂ ሰብ ብዝወርሶን ብኣተኣላልያን እዩ ዝህነጽ። ዝኾነ ወላዲ፡ ውሉዱ ብሉጽ ኮይኑ ክዓበየሉን ናብ ዝለዐለ ደረጃ ክበጽሓሉን እሞ፡ ንዕበቱ ኮይኑ፡ ንወለዱን ሃገሩን ዘዕውት ክኸውን እዩ ዝምነ። እዚ ክውን ንክኸውን ግን፡ ጸቢቕ ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነ ወለዲ ብንቕሓትን ብፍልጠትን ኣብ ደቆም ወፍሪ ክገብሩ ኣለዎም። ከምቲ፡ ገረብ ንኣብ ንኽስይትዓቢ ባሎ ገይርና ትኽ ኣቢሉ፡ ከምቲ ሓረስታይ ግራቱ ፍረ መታን ክትህብ ለይትን መዓልትን ዝጽዕሮ ዘይተኣገዶ፡ ብተመሳሳሊ ድማ ወለዲ ደቆም ብዲሲፕሊን ዝተኸስኮሰ፡ ክብርን መንነትን ሕብረተሰቦም ዘወረሱ ኮይኖም ንኽዓብዩ፡ ዝንቡሉ ደቆም እናለለዩ መኻይዲ ደቆም እናጸገዐ፡ ካብ ጸቕጢ መዘናን ዓመጽን እናተኸላኸሉ፡ ኩሉ መዳያዊ ጸወርምን ተወፋይነቶምን ከሐይሉ ይግባእ።

ኣብ ሕብረተሰብና እታ ዝለዓለት ማሕበራዊት ትካል "ስድራቤት" ኮይና፡ መሰረት ዕቤትን ምዕባለን ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ድማ ብኩሉ መዳያዊ ኣልያ ወለዲ ኣብ ስድራቤት እዩ ዝህነጽ። ከም ቤት ትምህርቲ፡ መራኸቢ ብዙሓን፡ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ኣከባቢ (ጎረባብቲ)፡ ሃይማኖታውያን ትካላት ወዘተ (agents of socialization)፡ ንቈልዑ ኣብ ምምሕባርን ምኽሳኦምን ናይ ገዛእ ርእሶም እጃም እኳ እንተሃለወ፡ እታ ናይ መጀመርያ ቤት ትምህርቲ ናይ ሓደ ህጻን ግን ስድራቤት እያ። ስድራቤት ከም ትካል ወሰድና፡ ወለዲ ከም ኣካይድትን ኣለይትን ትካል ኮይኖም ቈልዑ ዝሃንጹሉ፡ ዝኸውኩሉሉን ዝዓበዩ ሓላፍነት ዝሰከምሉን ኩነት ተባሂሉ ክግለጽ ይከኣል። ቈልዑ ብወለዲ ኩሉ መዳያዊ ኣልያን ክንክንን እናተገበረሎም ኣብ ስድራቤት ተሓቝፎም ኣብ ዝዓብዩሉ እዋን፡ ብሉጻት ኮይኖም ክርከቡ ዝህልዎም ተኽእሎ ኣዝዩ ዓቢ እዩ።

ብቐንዱ ቈልዑ ናብ መሳልል ብሉጽነት ክበጽሖም ዝኽእል ፖሊስን ስትራተጅን መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ጉዳያት ቈልዑ፡ ኑቲ ስድራቤታት ኣብ ኣልያ ደቀን ዝገብርኦ ጻዕሪ ዝያዳ ዝድርዕን መንገዲ ዘጣጥሕን ኮይኑ ዝተዳለወ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ቈልዑ ብኹሉ መዳይ ጥዑያትን ብቑዓትን ዜጋታት ኮይኖም ክዓብዩ ኣብ መዳይ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ማሕበራዊ ድሕነትን ውሕስነትን ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ መዘና ኣልቦ እዩ። ንኣብነት ኣብ ኩሉ ደረጃታት ትምህርቲ ማለት ኣብ ቅድመ ትምህርቲ፡ መባእታ፡ ማእከላይ፡ ካልኣይን ላዕለዋይን ደረጃ ብናጻ ክፍሊት ዝወሃብ ዘሎ ትምህርቲ፡ ኑቲ ሚ/ትምህርቲ "ማዕረ ዕድላት ትምህርቲ ንኹሉ ዜጋ" ዝብል ፖሊሲኡ ኣብ ባይታ ተግባራዊ ንምግባር ዝዓለመ ኮይኑ፡ ተራን ኣበርክቶን ወለዲ እንተተወሲኽዎ፡ ቈልዑ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዕቤት ክበጽሑን ብሉጻትን ኮይኖም ከመስክሩን ባይታን ዕድልን ዝፈጥር እዩ። መብዝሕትኦም ብሉጻት ቈልዑ ወጻኢት ኩሉ መዳያዊ ኣልያ፡ ጻዕርን ተገዳስነትን ወለዶም ኣብ ትምህርቲ እዮም። ስለዚ ስድራቤታት ነዚ ተገዚሙን ደቀን ኣብ ትምህርቲ ዝለዓለ ትኹረት ክገብራ ኾቺሐን ክሰርሓሉ ኣማራጺ ዘይብሉ ጉዳይ ይኸውን። ብዘወሳኺ ሕብረተሰብ ልዑል ውዳብ ሃልይዎ ኮማዊ ተሳትፎ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ከም ዝህሉ ብምግባር፡ ቈልዑ ብትምህርትን ስነ ምግባርን ተሃኒጾም ዝዓብዩሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ተዋሳእነቱ ክዕዝዝ ይግባእ። ብዘይካ'ቲ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ቈልዑ ምስ ዘለዎም ሓዳሽ ሃገር ንምፍታንን ንምፍላጥን ክፉት ዝኾነ ሸውሃት ኣእምሮ፡ ስድራቤታት ፈጠራውን ምህዞኣውን ክእለት ቈልዑ ኣብ ምዕባይ ተውህቦ ደቀን ኣብ ምልላይን ንዕኡ ዝኸውን ባይታ ኣብ ምጥጣሕን ኾቺሐን ክሰርሓሉ ዝግበኦ ጉዳይ እዩ።

ካልእ ቈልዑ ኣብ ኩሉ መዳይ ብሉጻት ኮይኖም ክርከቡ እንተ ኮይኖም ብኣሩም ስነ ምግባር ዝተሃንጹ ክኾኑ ኣገዳሲ እዩ። ብፍላይ ኣብዘን ቀዳሞት ዓመታት ዕድመኦም ዝግበረሎም ኣተኣላልያን ኣተዓባብያን ንምሉእ ዕድመኦም ጸላዊ እዩ። ድሕሪዚ ኣብ ቈልዑ ዝኸሰቱ ሕማቕ ባህርያትን ዘይእሩም ኣካይዳን ቈልዑ፡ ማጠቃለኦም ኣብ ግዜ ህጻንነቶም ካብ ዘጋጠሞም ሕማቕ ኣተሓሕዛን ኣተዓባብያን ምኽንያት ተመኩሮ ዘረጋገጾ ሓቂ'ዩ። ከም ሃገርን ሕብረተሰብን ዘለወና ባህልን ክብርታትን ቈልዑ ብስነ ምግባር ተሃኒጾም ንኽወጹ ዝበለጸ መገዲ ዝጸርጉ ምስ ምኳናም፡ ስድራቤታት ድማ ኣብ ምህናጽ ብስነ ምግባር እሩማት ዝኾኑ ቈልዑ ዝለዓለ ትኹረት እንተ ገይረን፡ ቈልዑ ንጹር ዝኾነ ዕላማን ራኢን ዘለዎም ኮይኖም ስለ ዝዓብዩ ኣብ መጻኢ ብሉጻትን ኣፍረይትን ኮይኖም ናይ ምዕባይ ዕድሎም ዝሰፍሐ እዩ። ብዘወሳኺ ወለዲ ኣብ ኩሉ መዳይ ናይ ህይወት ብፍላይ ድማ ኣብ መዳይ ስነ ምግባር ቅቡላት ዝኾኑ ባህሪ ብምንጽብራቕ ኣብ ቅድሚ ደቆም፡ ናይ ጸቢቕ ኣብነት ኣርኣያ ክኾኑ እንተ ክኢሎም፡ እቲ ናይ መጀመርያ ሞዴል/ንጉስ ናይ ሓደ ቈልዓ ድማ ወለዱ ከም ምዃኖም፡ ኣብ ቅድሚ ውላዶም ምርኣያትን ኣብነታውያንን ኮይኖም ክቐርቡ ይግባእ። ኣብ ሕብረተሰብና "ዘዘራእካዮ ኢኻ ትዓጽድ" ዝብል ብሂል ኣሎ፣ እዚ ማለት ድማ ዝርከብ ውጽኢት ብመጠን እቲ ኣብ ባይታ ዝተዋደደ ንጥፈታትን ጻዕርን እዩ ዝምርኮስ።

ኣብ መወዳእታ ቈልዑ ብሉጻት ኮይኖም ክዓብዩ፡ ውሕሉል ዝኾነ ኣልያን ክንክንን ኣብ ቈልዑ ክህሉ፡ እዚ ድማ ኣብ መጻኢ ምዕቡል ሕብረተሰብን ሃገርን ኣብ ምህናጽ ልዑል እጃም ስለ ዘለዎ፡ ካብ መፈለምታ ቈልዑ ቅሉዕ ማእዝን ክህልዎም ንዝምገበረሎም ኩሉ መዳያዊ ኣልያን ክንክንን ንረብሓኦም ምኳኑ ክፈልጡን ክርድኡን፣ ተራ ወለዲ፡ መምህራን፡ ኮምን ሕብረተሰብን ኩሎም ዝምልከቶም መሻርኽቲ ኣካላትን ወትሩ ልዑል ክኸውን፡ ብኣጋጣሚ እዚ ክቡር ዕለት ዘኻኽር።

ዓወት ንሓፋሽ!

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን

20 ሕዳር 2025

# ማእከል - ጽርግያ ዳምባ ዓዲ-ቐረጽ፡ ብወፈራ ይጽገን ኣሎ

ተቐማጦ ዳምባን ዓዲ-ቐረጽን ኣብ ኣገልግሎት መጉዓዝያ ከጋጥሞም ዝጸንሐ ጸገም ንምቕላል፡ ካብ ቀንዲ መስመር ኣስመራ - ደቀምሓረ ናብ ዓድታቶም ዝኣቱ ናይ ሓመድ ጽርግያ ብወፈራ ይጽግኑ'ለዉ።

እቲ ብማሽነሪ ተደጊፉ ዝካየድ ዘሎ ምጽጋንን ምግፋሕን ዘጠቓልል መደብ፡ ካብ እምባይቶ ተበጊሱ ንሰለስተ ዓድታት ማለት ዓዲሕደርም፡ ዳምባን ዓዲ-ቐረጽን ዘራኽብ 13 ኪሎ-ሜተርን 7 ሜትሮ ግፍሕን ዘለዎን ኮይኑ፡ ንዞባታት ማእከልን ደቡብን ከምዝራኽብ፡ ካብ ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ማእከል ጆሜትራ ኣማኑኤል ምሕረትኣብ ሓቢሩ።

እተን ዓድታት ብዘወሰድኦ ተበግሶ፡ ብክፍሊ



ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

ህንጻዊ ልምዓት ፍቓድ ስለዝተዋህበን እቲ ስራሕ ይዕመም ከምዘሎ'ውን ብዘወሳኺ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዳምቡዓዲ-ቐረጽ ኣቶ የውሃንስ ሃብተጼን ብወገኑ፡ ንተሳትፎ ህዝቢ ኣብ'ቲ መደብ ብምምስጋን፡ ንዝተሓበበርዎም ዘለዉ ኣካላት ኣመስጊኑ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ብሰንኪ ዘይጥጡሕ ጽርግያ ክጸገሙ ምጽንሖም ብምሕባር፡ እቲ ናይ ምጽጋን ስራሕ ምስ ተዛዘመ ጸገሞም ከምዝቃለል፡ ጽኑዕ እምነቶም ገሊጾም።

ምምሕዳር ከባቢ ዳምባ፡ ካብ ኣስመራ ንሸነኽ ደቡብ 25 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ትርከብ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጽ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም　ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ　ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጽ. 1284


# ሰረጀቓ፡ 185 መንእሰያት ብሞያ ሰልጢኖም

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ ን3 ኣዋርሕ ብዝዝበርን ክልሰ-ሓሳብን ብሞያ ዝሰልጠኑ 185 መንእሰያት፡ ብ17 ሕዳር ተመሪቖም።

እቶም ካብ ምምሕዳራት ከባቢ እምባደርሆን ወኪን ዝኸኑ መንእሰያት፡ 94 ብቖጻማይ ረድኤት፡ 25 ብተንቀሳቓሲ ስእሊ፡ 37 ድማ ብሓፈሻዊ ስራሕቶ ምምልኻዕንየም ሰልጢኖም።

ሓላፊ ጨንፈር ሃግመተኤ ኣቶ ሳምሶን ክፍለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ስልጠና ኣካልን መቐጸልታን ናይ'ቲ ዓቕሚታት መንእሰያት ንምምዕባል ዝውደብ ስልጠናታት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ብዝለዓለ ከምዝድፋኣሉ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ኣቶ ክፍለማርያም ገብረመስቀል ድማ፡ ተመረቕቲ ንዝተዋህበን ስልጠና ተጠቒመን ናብራኦን ኣብ ምምሕያሽ ክጽዕታ ተላቢዩ።



ስእሊ. ሳሙኤል ንጉሰ

# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፋት ሓጎስ

## ርእሰማልነት ንሰብ ዝቐየረ ናብ ንብረት

*ኣብ ዝሓለፉ ሕታማት ናይዛ ዓምዲ ንኹነታት ስራሕን ስራሕተኛታትን ኣብ ርእሰማላዊ ስርዓት ብሓፈሹ ብፍላይ ድማ ምስ ምጅማር ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ኣብ እንግሊዝ ንዝነበረ ኩነታት ዝድህስስ መግለጺን መረዳእታን ናይ ካርል ማርክስ ቀሪቡ ነይሩ። ርእሰማላውያን መኽሰብ ንምኽዕባትን ክንዲ ዝከኣሎም ጊዜ ንምምጣሩን ብምዕላም ንጉልበት ስራሕተኛታት ኣሱሮ ብዝይብሉ ኣገባብ ከምዝምዝምዙ፣ ኣረ ኣብ ገለ ኣብ ደረት ተጻዋርነት ደቂሰብ ክሳብ ዝፍተን የስርሕዎም ምንባሮም፣ ሸቕለት ደረት ዕድመ ስለዘይነበሮ ህጻናት'ውን ግዳይ ናይቲ ምዝመዛ ምንባሮም ይገልጽን ይቃወምን። ብተወሳኺ ሎሚ ኣካል ርእሰማላዊ ስርዓት ኮይኖም ካብ ዘለዉ ገለ ሓሳባትን ተግባራትን ድማ ካርል ማርክስ ዝተዛረቦምን ዝገለጾምን ምኳኖም ቀሪቡ ነይሩ። ነቲ ጽሑፍ ማሰረት ብምግባር ድማ ሓሳብ ኣንዚብኒ ኣብዛ ዓምዲ ክእንገድ ከምዝኽእል ብዘቐረበ ዕድመ ማሰረት እዛ ዓንቀጽ ቀሪባ እንሆት። እዛ ዓንቀጽ ምስታ ኣብ ክልተ ክፋል ዝተሓትመት 'ውልቀሰብ ብዓይኒ ስቑጠበኛታት' ትብል ጽሕፍቲ ዝዛመድ ትሕዝቶ ዘለዋ'ያ እውን።*

ስነቑጠበኛታት ሓድሽ ክላሲካውነት ኣብ ስነቑጠባዊ ሞዴሎም ውልቀሰብ ዝብልዎ ኣብ ኩሉ ክፍሊ ዓለም ዝነብር፣ ብባህሊ ይኹን ብኸባቢ ወይ ብኻልእ ረቛሒ ተጸልዩ ዘይተፈላለየ ባህሪ ዘይብሉ 'መካኒካዊ' ፍጥረት ሰብ'ዩ። እዚ ግና ክኸውን ይኽእል።

ነዘን፡ **ህይወትካ ስለ ምንታይ ተወፊ** ካብ ዝገልጻ ሕደማ ክልተ ህቡባት ድምጻውያን ዝሰፈራ ሓሳብ ምስቲ ንውልቃውነት ከም ፍጹምን ክዉንን ዝወስድ ግምት ሓድሽ ክላሲካውነት ብምግንዛብ ሚዛን ንውሰድ።

**እንታይ ዝኸውን ህይወት፣ እንታይ ዝኸውን ምንባር**
**ሃገረይ ተደፊራ፣ ሕድሪ ናይ ሰወኣተይ፣ ሕድሪ ናይ ሰወኣተይ**



ሃብታም ኩን ወይ እናተፈተንካ ሙት




እዚ ከም ኣርእስቲ ናይዛ ዓንቀጽ ተመሪጹ ዘሎ "ርእሰማልነት ንሰብ ዝቐየረ ናብ ንብረት" ዝብል ኣበሃህላ ካርል ማርክስ፣ ነቲ ኣዝዩ ጨቋኒ ምዝመዛ ሰብ ርእሰማል (ብርጆዋ) ኣብ ልዕሊ ደርቢ ሸቃሎ ንምግላጽ ካብ ዘለዎ ሓሳብ ዝተወሰደ'ዩ። ነቲ ኣዝዩ ዘተሓሳስቦ ዝነበረ ስስዐ ደርቢ ብርጆዋ መግለጺ ምእንቲ ክርከቦ ድማ ንዓውዲ ማሕበራዊ ፍልጠት ብሓፈሻ ንዓውዲ ስነሕብረተሰብ ድማ ብፍላይ ዘቕረቦ ብኽልሱሓሳብ ግርጭት ዝፍለጥ ኣምር ኣሎ። ነቲ ናይ 19 ዘመን ትንታነ ክልሰሓሳብ ግርጭት ካርል ማርክስ ሰዒብዎምን ደጊፎምን ዝጸሓፉ ምሁራን ድማ ንኣሉታዊ ጎድኒ ርእሰማልነት ግርም ገይሮም ብምምርማር ንደቂሰብ ክርብሕ ዝኽእል መፍትሒ ሓሳባት ኣቕሪቦም እዮም።

ካርል ማርክስ ከም ኣቕረቦ ክልሰሓሳብ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ከም ኣቕረቦ ግብራዊ መፍትሒ ምኳኑ'ዩ ዝፍለጥ። እዚ ከኣ ጸላዊ ሓሳባትን ግብራዊ መፍትሒታትን ዘቕረበ፣ ሓያሎይ ሰውራታት ዓለም ዝሰዓብኦ ፍኖትን መገድን ዝሸሰተ ጸላዊ ሰብ ይገብሮ። ኣብ ስነሕብረተሰብ ድማ ማርክስ ግብራዊ ክልሰሓሳብ ከም ዘማዕበለ (ኣክቲቨን ትዮሪስት) እዩ ዝፍለጥ። ማርክስ ኣብ ልዕሊ ስራሕተኛታት ንዝነበረ ምዝመዛ፣ ገንዘብ ንምዕኻብትን ደድሕሪ ገንዘብ ብምስዓብ ንዘጋጠመ ዝነበረ ምሕረት ዘይብሉ ወይ ዘርናሕሲ ውድድር ከምኡ'ውን መወዳእትኡ ዘይፍለጥ ወፍሪ ንሰብ ካብ ሰብኣዊ ክብሩ ኣርሒቑ ናብ ህይወት-ኣልቦ ነገር ይልውጦ ከምዝነበረን ስራሕ ከኣ ሓቀኛ ትርጉሙ እናኣጉደለ ይኸይድ ምህላውን ሓቢሩ። ንሱ፣ ደቂሰብ ብሰንኪ ምዝምማዝን ዕረፍቲ ዘይህብ ናይ ስራሕ ግዜን ካብ ቀንዲ ትርጉምን ዕላማታትን ስራሕ ይንጸሉ ('ኣልነይት' ይኾኑ) ኣለው. ብምባል ይገልጽ። መፍትሒኡ ድማ እቲ ናይ ሸቃሎ ደርቢ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተሰገደደ ኣርዑት ምዝመዛ ብምግንዛብ ሓባራዊ ንቕሓት (ኮለክቲቭ ኮንሸዮሰነስ) ኣማዕቢሉ ናብ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝመርሕ፣ ብስራሕተኛታት ዝውነን ሸቕለት ከማዕብሉ ምኽኣል ጥራይ ምዃኑ ይገልጽ። ከም ወጽኢት ናይዚ ድማ እቶም ስራሕተኛታት ደርቢ ዘይብሉ ሕብረተሰብ (ክላስለስ ሶሳይቲ) ኣቚሞም ብሰላምን ዕቤትን ይነብሩ ኢሉ።

ማርክስ ከምኡ'ውን ንሓሳቡ ተቐቢሎም ዝሰዓብዎ ምሁራትን መራሕትን ስለዝነበርዎ ዕዮ ድማ መሰል ሸቃሎ በብቑሩብ ክሕሎ ጀሚሩ። ወሰን ሰዓታት ስራሕ፣ ድሕነትን ጥዕናን ስራሕተኛታት ዘውሕስ ቦታ ስራሕ፣ ተወሳኺ ክፍሊት ኣብ ትርፊ ሰዓት፣ ዕረፍትን በዓላትን ንዝሰርሑ፣ መሰል ዓመታዊ ዕረፍትን ጥሮታን ድማ ገለ ካብ ዝተረኽቡ ዝጥቀሱ ምዕባሌታት እዮም። ብሓፈሻኡ፣ ሰላማዊ ዝምድናታት ዕዮ ዘደንፍዑ፣ ንስራሕ ምቹእ ዝኾኑ ኣምራራትን ዛዕባታትን ክመጽኡ ከምኡ'ውን መሰል ስራሕተኛታት ክኸበር ክኢሉ'ዩ። ኩነታት ስራሕ ብኣስራሕቲ ምእንቲ ከይምዝመዝ ድማ ብስሉጥ ዝምድናታት ዝጸሎን ዝመሓደርን ዓይነት ኣሰራርሓ ዳርጋ ኣብ ምሉእ ዓለም ልሙድ ክኸውን ክኢሉ ኣሎ። እዚ ስሉጣዊ ዝምድናታት ዕዮ፣ ኣብ መንጎ ኣስራሒ፣ ስራሕተኛታትን መንግስትን ዝግበር ዝምድናታት'ዩ። በዚ ውዱን ዝምድናታት ዝተማእከለ ስራሕ ድማ ንኹሉ ማለት ንኣስራሒ፣ ስራሕተኛን መንግስትን ዘርብሕ'ዩ። ምኽንያቱ ስምምዕ ስሉጣዊ ዝምድና ዕዮ፣ ሰላማዊ ዝምድና ኣዕቢዩ ንምህርትን ኣገልግሎትን ዕዮ ዘደንፍዕ ስለዝኾነ።

እዛ እንነብረላ ዘለና ዓለም ብመንጽር ናይ ማርክስ ርእይትን በቲ ናይ ግርጭት ተባሂሉ ዝፍለጥ ክልሰሓሳብን እንተመርሚርናያ፣ ማርክስ ንደቂሰብ ኣድላዪ ዝኾነ ሓሳባት ከም ዘቕረበ ዘሞግትእ ሓቂ ምኳኑ'ዩ ዝገጽር። ኣብ ብዙሕ ናይ ስልጡናን ንቑሓትን መጸሓፍቲ ኽኢ ናይ ማርክስ ዝድርዕ ሓሳባት ዝሓዙ ትሕዝቶ ይቐርቡ'ዮም። ንኣብነት፣ ገንዘብን ተክኖሎጂን ንፉዓት ኣገልገልቲ'ኳ እንተኾኑ ሕማቓት ጎይቶት ምኳኖም ይሕበር'ዩ። እዚ ድማ ሰባዊ ክብርታት ተረሲዑ ብገንዘብን ገንዘብ ንምርካብን ጥራይ ህይወት እንተተመሓዳሪ መቐረት ዘይብላ ከምዝኾነት ዝሕብር'ዩ። ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም ኣብ 40ታትን 50ታትን ትሕተም ኣብ ዝነበረት ጋዜጣ 'ሓንቲ ኤርትራ' ካብ ዝጽሓፍዎ ዝነበሩ ዓንቀጻት ብዛዕባ ናብራ ደማትን ኣሉታዊ ሳዕቤናት ደድሕሪ ገንዘብን መኽሰብን ጥራይ ምጓዳን ኣብነታት ብምቕራብ ዝገለጽዎ ጽሑፍ ይርከብ። ካብቲ ሓያሎይ ኣብነታት ሓንቲ ፍንቃውያን ብዛዕባ ዝነበሉ ሕብረተሰብ ዝጸሓፍዎ ሓሳብ ከምዚ ትብል፡ "ፍንቃውያን ስርሖም ንግድ፡ ዕላምኦም ምድላብ ሃብቲ ነበረ። እቲ ሃብቲ ዝድልብሉ መንገዲ ይቕናዕ ወይስ ይጕብጥ ከኣ ግዲ ኣይነብሮምን። ብዛዕባ ቅንዕና ልቢ፡ ደግነት፡ ንጽህና፡ ዝብሃል ኩሉ ከቶ ግዲ ኣይነብሮምን። ሓሳቦምን ሃረርታኦምን፡ ገንዘብ ምድላብ፡ ብጥዑሚ ምንባር ጥራይ ነበረ።" ብምባል 20 ብጥቅምቲ 1948 ኣብ ዝወጸት ሕታም ገሊጾም ይርከቡ። መወዳእታ ናይቲ ጽሑፍ ድማ እቶም ብጥዑሚ ምንባር ጥራይ ዕላማኦም ዝነበሮም ሕብረተሰብ ንጥዑሚ ብገንዘብ ጥራይ ክረኽብዎ ከምዘይክኣሉን ጸኒሖም'ውን ፋሕፋሕ ከም ዝበሉን ይሕብር።

ኣብ ገለኡ ጽሑፋት እውን ደቂሰብ ኣተሓሳስባኦምን ኣነባብራኦምን ካብ ኣብርክቶ ናብ ረብሓ ጥራይ ምስ ኣዘንበለ ዕግበት ኣብ ህይወት እናሰኣኑ ከምዝኸዱ ይሕበር'ዩ። ካብ ኣፈታሪኽ ግሪኻውያን ብዛዕባ ስስዐን ፍትወት ገንዘብን ሃብትን ጥራይ ዝነበሮ፡ እቲ ስስዑ ድማ ብጥሜት ከምዝመውት ከምዝገበሮ ናይ ዝሕብር ታሪኽ ሚዳስ ንርአ። ንሱ፣ ከም ሰብ ንግስነት ዝኣክል ረኺቡ ክየግዝእ ስለዘይክኣለ ዝተንከፎ ዘሎ ነገር ናብ ወርቂ ክልወጠሉ ዝደሊ ነበረ። ትምኒቱ ተፈጺሙሉ ድማ ኩሉ ዝተንከፎ ናብ ወርቂ ተለወጠ። እንተኾነ ነቲ ወርቂ ክበልዖ ስለዘይክኣል ዝበልዖ ስኢኑ ከምዝሞተ እቲ ዛንታ ይሕብር። እዘን ኣብነታት፣ ስስዐ መወዳእታኡ ናበይ ከምዝመርሕ ዝሕብራ እየን።

ደቂሰብ ካብ ካልኦት ህይወት ዘለዎም ፍጥረታት ዝፍልየና ባህሊ ዝብሃል ኣምር ስለ ዘለና'ዩ። እዚ ባህሊ ዝብሃል ኣምር ድማ ንኹሉ መዓልታዊ ህይወትና ከመሓድረሉ ዝግበኦን ረቛሒን ዝጭብጥን ነገራት ቀሪቡልና'ዩ። ቀንዲ ኣበት ናይቲ ረቛሒ ባህሊ ድማ ክብርታት ዝብሃል ኣምር'ዩ። እዚ ክብርታት ድማ ንሰብ ቅኑዕን ግጉይን ተግባራትን ሓሳባትን ዝሕብር'ዩ። ደቂሰብ ተሓጋጊዝናን ተደጋጊፍናን ክንነብርን ከምኡ ምስ እንነብር ድማ ህይወትና ትርጉም ሃልዩዎ ብዕግበት፣ ብምልኣትን ብቕሳነትን ክንነብር ከም ንኽእል ዝሕብር'ዩ። ስለዚ፣ ደቂሰብ ካብ ክብርታት ርሒቕም ብስስዐ ጥራይ እንተተመሓዳርና ምስ ካልእ ሰብ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ስለዝወርዱ፣ "ዝሓየለ'ዩ ዝሰርር" ዝብል ኣተሓሳስባ ኣማዕቢሎም ናብ ስስዑ፣ በለጽን ምዝመዛን ዝመርሕ ህይወት ይነብሩ'ሞ መወዳእታኦም ድማ ናብ ዘይውዳእ ኩናት፣ ሽግርን ጸበባን የብሎ። ከም ሳዕቤኑ፣ ህይወት ትርጉም ዘይብሉ፣ እኳ ደኣ በለጽን ንዓይ ይጥዓመኒ ብዝብል መርሒ ኣተሓሳስባን ኣነባብራን መዓልታዊ መነባብሮኡ ከካይድ ዝነብር'ዩ። ብሰሪዚ ድማ ንጉልበት ሰብ ከም ኣቕሓ ወይ ንብረት ብምቕያር ንኹሉ ነገር ተሸይጥን ተዓዲግን ኣብ ምግባር ጥራይ ዘተኩር ኩነት ዓለምና በጺሓና ኣላና። እዚ፣ ንዓለም ብዘበራዊ ሃብቲ ጥራይ ምርኣይን ካብኻ ንዝደኸመን ዓቕሚ ዝይብሉን ድማ ቀጻሊ ናይ ምምዝማዝን ምብላጽን ኣተሓሳስባን ግብርን ግና ነቲ ዓሚቕን ተበላጽን ክይተረፈ፣ ትርጉም ናይ ምንባር ዝኸልእን ናብ ዘይንቡር ክብርታትን መቕረትን ዘይብሉ ህይወት ዝመርሕን ኮይኑ ኣሎ። እዚ ከኣ ከምቲ ናይ ስነሕብረተሰብ ምሁር ኤርትራዊ ሓሰን መሓመድ ሓሰን ኣብ ናይ 3 ጥቅምቲ 2025 ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፣ "ስምዒታዊ ድርቀት" ብዝብል ኣርእስቲ ናብ ዝጸሓፎ ኩነት ዘብጽሕ'ዩ። እዚ ድማ ንደቂሰብ ናብ ከንቱት መራሒ ትርጉም ዘይብሉ፣ ብኽብርታት ዘይመሓደር ደረቕ ህይወት ምምራሕ ማለት'ዩ።

ማርክስ ንታሪኽ ርእሰማልነትን ደቂሰብን ብምትንታን ዘቕረቦ ጽሑፋትን ካብኡ ዝቅል ግብራዊ ክልሰሓሳቡን ድማ ኣብዚ እዋን'ውን እንተኾነ ኣዝዩ ኣገዳሲን እዋናውን ኮይኑ እሰምዓኒ። ምኽንያቱ ንሕና ከም ኤርትራውያን ብምትሕግጋዝን ብሓባርን ንነብር ሕብረተሰብ ስለዝኾንና ጥራይ ዘይኮነ እዛም ሕጂ ዘለና ወለዶ ንኽንነብር ብዘገዝኦም፣ ጉልበቶምን ዕድሜኦምን ዝተወፈዩ ጥራይ ዘይኮነ ኒታ ዘይትምልስ ሩሓም ከፊሎም ናጽነት ዝዐቡና ሃገረ ሰማእታት ዘለትና ሕብረተሰብ ስለዝኾንና'ዩ።

እዚ ክብሃል እንከሎ ግና ገንዘብ፣ ወፍሪ፣ ምዕባለን ዕቤትን ዘድልየ ኮይኑ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ብምዝመዛ፣ በለጽን ኣቋራጭ መንገድን ክኸውን የብሉን ማለት'ዩ። ምኽንያቱ ምዝመዛን በለጽን ውሑዳት ሰብ ረብሓ ጥራይ ዝኣበዩዎን ዝበለጹላን ሳዕቤን ክመጽእ እንከሎ ግና ንኹላትካ ትለኻኽፍም ዓለም ስለዘፈጥር። ስለዚ ዕቤትናን ምዕባለናን ዘላቒ ክኸውን ምእንቲ ኣነ ክረብሕ ክዳሊ እንከለኹ፣ ብጻየይ፣ ሓወይ፣ ስራሕተኛይ ወዘተ. ኸ ይረብሕ ኣሎዶ ኢልና ክንሓትት የድሊ። ይነብር ኣሎ ዶ ኢልና ከለሳስል ይግባእ። በዚ ልምዲ ምስ እንሓስብ፣ እንሰርሕን እንነብርን ድማ እዩ ምዕባለና ናብ ወሉድ ወለዶ ዝቕጽልን ዘላቒ ዝኸውን።

በርሀ ኣርኣያ ማና
ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ቴክ ኢንሳይት |
| 15:00 | ኦፐን ማይክ |
| 15:30 | ፓናሮማ |
| 16:10 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:15 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ክብረት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ጽባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሲት-ኮም |

# ዛዕባ ሎሚ

# ጂኦፖለቲካዊ ርከሳ

## ህርፋን ኣፍደገ ባሕሪ - ጊልያ ምድንፋዕ ረብሓታት ኣሸቀልቲ

ሱልጣን መሓመድስዒድ

(2ይ ክፋል)

ብማሰረቱ ሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ፡ ውሽጣዊ ድሌት ብልጽግና ወይ ሃገራዊ ስትራተጂ ኣይኮነን። ብቐንዱ ኑቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘርከብ ስትራተጂያዊ ረብሓታት ንምምዝማዝ ዓሊሙ፡ ገለ ዞባውያን ሓይልታት፡ ሎጂስቲካዊ ብልጫ ንምውሓስ ኣንቂዶም ዝሓንጸጽዎ ውጥን እዩ። እዚ ኑቲ ዝጸንሐ ኣህጉራዊ ሕጊ ዕሽሽ ዝበልን ጸረ ዞባዊ ምርግጋእን ተግባራት'ዚ፡ ብቐንዱ ብሕቡራት ኢማራት ዓረብ ዝዘውር ኣጀንዳ እዩ። ኢማራት ጂኦፖለቲካዊ ረብሓታታ ንምስዓም፡ ከምቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝሓለፈ ቃለ-መጠይቑ ዝገለጾ፡ ካብ ላዕለዋይ ክፋል ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ ማእከላይ ክፋል ህንዳዊ ውቅያኖስ ዝርከቡ ወደባት ንምቍጽጻር ዓሊማ ዝሓንጸጸቶ ናይ ወደባት ሃጸያዊ ፕሮጀክት ኣለዋ። እዚ ንምዕዋት ከኣ፡ ሰፊሕ ናይ ምትኽኻታኽ ውጥናት ኣዋዲዳ ትሰርሕ ምህላዋ ስውር ኣይኮነን። ንሎሚ ብሸነኽ ደቡባዊ ክፋል ቀይሕ ባሕሪ እተካይዶ ዘላ ናይ ኣሻንጉሊት ምርኢት ክንድህስስ ኢና።

እቲ ውጥን ኣብ ዘይሓወየ ቍስሊ፡ ከም ጨው ምንስናስ እዩ። ኑቲ ንዊሒ ዓመታት ንክልተ ሃገራት ኣብ ደማዊ ኲናት ዘሸመመ፡ ድሕሪ ምርግጋጽ መላእ ሓርነት ኤርትራ እውን ደጊሲ ዝፈጠረ ሓደገኛ ኣጀንዳ ብምብርባርን መለሱ ሕይወት ከም ዝዘርእ ብምግባርን፡ ኣብ ዞባ ዘሎ ቀጻሊ ሰላምን ልምዓትን ንኸይፍጠር ኣንቂድካ ዝተኻለሰ ውጥን፡ በቲ ተመዛሚዚ ኣተሓሳስባ ኣብልካ ዞባ ከም ወትሩ ብጓህሪ ኲናት ከም ዝቃጸል ንምግባሩ ዝጻለመ እዩ። ብሕጽር ዝበለ ብፍተም ኣገላልጻ ዓያሹ ክተሃናኽሑ ሰሞንት ጃብኣም ከህጥሩ ዝጣጥሕ ውጥን እዩ።

ከም ቀዳማይ ሸቶ ናይቲ ውጥን ዝተሰርዐ፡ ረብሓታት ናይታ ኣብ ወሽመጥ ዘላ ሃገር ንምዕዋት ኑቲ ሪቪዥኒስታዊ ስሉመንት ናይ ልሂቃን ኢትዮጵያ ከም መሳርሒ ምጥቃም እዩ። እዚ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት በበይኑ ፖለቲካዊ ስሑሳብ ብዘተሓንገጡ ተኸታተልቲ መንግስታት ናይ'ታ ሃገር ተፈቲኑ፡ እንትርፎ ብርስት ሃብትን ሞት ዜጋታትን ካልእ ዘይፍኖደ ጥሙሕ፡ ሕጂ ደማ ብኻልእ መልክዑን ብሓደገኛ መኣዝንን ደስርሓሉ ኣለዉ። እቲ ናይ ሕጂ ሃተምተም ፍሉይ ዝገብሮ፡ መራሕቲ ብልጽግና ልክዕ ዛንታ ሰሱዕ ከልቢ ይደግሙ ምህላዎም እዩ። ኣብ ኣፉ ስጋ ቀርቂሩ፡ ጽላሎቱ ኣብ ማይ ምስ ርኣየ፡ ካልእ ከልቢ መሲሉዎ፡ ነቲ ሒዝዎ ዘሎ ክንዲ ዝበልዑ ነቲ ካልእ ከልቢ ዝሓዞ ስጋ ክምንጥል ናብቲ ማይ ጠሊቑ ናይ ዝኣተወ ከልቢ ጽውጽዋይ ማለት እዩ።

### ሕልሚ ምስፍሕፋሕ ባሕራዊ ግዝኣት

ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ዝኢ ናይ ምስፍሕፋሕ ኣጀንዳኡ ቀንዲ ደፋኢ ረቛሒ፡ ንሃገሩ ንመላእ ዓለም ዘራኽብ ዓለማዊ ማእከል ንግድን ሎጂስቲክስን ንምቕያር ዝጸለመ እዩ። እዚ ግዙፍ ህርፋን ንምዕዋት ደማ ከም ሙተግበሪ ዕላማ ንምለእ ባሕራዊ ክሊ ቀይሕ ባሕርን ወሽመጥ ዓደንን ብሓፈሻ፡ ብዝተፈለየ ደማ ምሉእ ቀጸጻርን ልዑል ጽልዋን ኣብ መጻበቦ ባብ ኤል-መንደብ ንምጕንጻፍ ይሕልን።

ኢማራት ብመገዲ ዓርሞሽሽ ትካል ሎጂስቲክስ ዝኾነ ዲፒ ዎርድል ኣቢሉ፡ ኣብ ዞባ ተደኲናም ዝርከቡ ወደብ በርበራን ቦሳሶን ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ነቝጣታት ብስትራተጂያዊ ዓይኒ ወፍሪ ክትገብር ምጽንሓ ዝፍለጥ እዩ። እዚ ደማ፡ ንመንግስቲ ኢማራት ኣብ ዋጋታት ሃለኽቲ ሃገራት ጽልዋ ክገብር፡ ሰንሰለት ቀረብ ከውሕስ፡ ከም'ኡ'ውን ዝተፈላለየ ጸጋን ዓቕምን ናይተን ተጠቀስቲ ዞባታት ከመሓድር ምጽንሐ፡ ሓደ መርኣያ ናይቲ ውጥን ምስፍሕፋሕ ኮይኑ ጸኒሑ እዩ።

ከም ዝፍለጥ ኣብቲ ህሉው ጂኦፖለቲካዊ ጸወታ፡ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ ካብ ጽልዋ ኢማራት ናጻ ዝኾና ሃገራት ምስ ዝህልዋ (ንኣብነት ከምዚ ኤርትራ ዘላ)፡ ከሉ መዳያዊ ልኡላውነት ከረጋግጸ ክብላ ከም ወጽኢቱ ብቐጥባ ተውዓደርቲ ክኾና እንተኽኢለን፡ ንጽልዋን ንጉዳዊ ናጽነትን ኢማራት ዓረብ ኣብ ሓደጋ ከእትዋ እየን ዝብል ስምዒት በቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ናይ ምስፍሕፋሕ ጥሙሕ ዝተቐርጸ እዩ።




ዝተሓረየት ግዜኣቲ ረብሓታት ኢማራት ዝኾነት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ህዝባ ጸዑቕ ዘመተ ከተካይድ ክትክእል ምእንቲ፡ ካብ ኢማራት ዓቢ ገንዘባዊ ሓገዝ፡ ናይ ወፍሪ ዕድላት፡ ከምኡ'ውን ወተሃደራዊ ሓገዝ ክምጠወላ ጸኒሑን ኣሎ። እዚ ጸግዕተኛነት ናይ ምሽሽካስ ዘመተ፡ ንኢትዮጵያ ሃገራዊ ረብሓኣ ንምዕዋት እትሰርሐ ሃገር ዘይኮነት፡ ስትራተጂያዊ ህርፋናት ኣቡ-ዛቢ ንምድንፋዕ እተገልግል እሰርቲ ንምግባራ ሓሊኑ ዝቶየድ ዘሎ ዘመተ እዩ። ስለዝኾነ፡ ኢትዮጵያ ዋላ'ውን ኣይትኽኣሎ ወይ'ውን ኣይትድለዮ፡ ኢማራት እንተ ጠሊባ ናብቲ ዘቖጻልጸለ

ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሶማሊላንድን ዝተኣተወ ስምምዕ ወደብ፡ ቀንዲ ዋናኡ ኢማራት እያ። እዚ ኑቲ ሕጋዊ ኣፍልጦ ዘለዎ ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማልያ ኣዋሲኑካ ዝተፈጸመ ስምምዕ፡ ንኢማራት ናይ ነዊሕ ግዜ፤ ትሑት ወጻኢታት ዘለዎ ንግዳውን ወተሃደራውን መሳለጥያታት ክትውንን ከኽእላ ዓሊሙ ዝተሃንደሰ እዩ። ክንጾ'ዚ፡ እቲ ንሕጋዊ መንግስቲ ሰጊርካ ዝተኻየደ ናይ ወርጠበ ፖለቲከኛታት ዕማም፡ ንሓይሊ ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማል መለሱ ዘናኽም እዩ፡ ኣቐዲሙ'ውን ሶማልያ፡ ክሊ ኣየራ፡ ገማግም ባሕራን መሬታን ዝሕሉ ልኡላዊ ትካላት ዘይብላ ውድቕቲ ሃገር ምስ ኰነት

ስለዚ ኢማራት ነዚ ክዉንነት'ዚ ምድኻም ሓደ ካብ ዓበይቲ ዕላማታታ እዩ። ነዚ ዝተላዕለ ሓሳብ ዘድርዕ ሓደ ኣብነት ኣብ ዋዜማ ሓደሽ ዓመት 2024 ዝተኸተመ መስደመም ውዕል ምርኣይ ይከኣል። ኢማራት ኑቲ ናይ ኢትዮጵያ ናብ ባሕሪ ምብጻሕ ዝብል ሕልሚ ብምምዋልን ብምትብባዕን፡ መንግስቲ ብልጽግና ምስታ ኣህጉራዊ ኣፍልጦ ዘይረኸበት ሶማሊላንድ ውዕል ከም ዝኣቱ ገይራቶ። እዚ ብሓደ ወገን ኑተን ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝርከባ ሃገራት ቀይሕ ባሕሪ ዓብለልቲ ኮይነን ከይወጻ ንምግባርን፡ በቲ ካልእ ደማ ሕልሚ ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ንምዝዛድን ዝጸለመ ሓደገኛ ጸወታ እዩ ዝበረ።

በዚ ምኽንያት፡ ዝኢ ኣጀንዳ ኣብ ምዕዋት ከም ተለኣኣኺት ክትሳተፍ ኣብዝሒላታት ክትኣቱን ሓደገኛ ስጉምቲ ክትወስድን ግዴታ ኣለዋ።

ልሂቃን ኢትዮጵያ ኣብዚ መዳይ'ዚ ኪጋውሕዎ ዝተዓደሎም ወረቐት ኣሎ። ብኡ መሰረት ኑቲ ብኣህጉራዊ ሕጊ ዝተደገፈ ናብ ባሕሪ ንምብጻሕ ዘኽእል ቁጠባዊ መሰል (ብኽልተኣዊ ስምምዕ ዝትግበር ንግዳዊ ውዕላት)፡ ናብ ጂኦፖለቲካዊ ቀጻጸር/ዋንነት ልኡላዊ ወደባት ጐረባብቲ ሃገራት ዝጠልብ ፖለቲካዊ ነታጕ ከርዕምዎ ይፍትኑ ኣለዉ። እዚ ብሓደ ወገን ስትራተጂያዊ ዕላማ ኢማራት በቲ ካልእ ከኣ ናይ ልሂቃን ኢትዮጵያ ኣብዝሒላታት ዘጣመረ ኣጀንዳ ብዝርዝር ምርኣዩ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ እዩ።

ኑቲ ኣብ ደሮ ሓደሽ ዓመት 2024 እዩ፡ እቲ ግሁድ ምግዛስ ልኡላውነት ዘካሲ ናይ መረዳእታ መዘክር ምስ ኢትዮጵያ ዝተኸተመ።

እዚ ሕጂ ኣብ ከባቢ መሳኸሩቲ ዝንጸባረቕ ዘሎ ረቢጺ ፖለቲካዊ ጠባያት ብሸነኹ መለክዒታት እንክርኡ፡ ኢትዮጵያ ብመገዲ መንግስቲ ብልጽግና ኣቢላ ንረብሓ ኢማራት እተገልግል ሃገር ንክትኸውን ዝቶየድ ዘሎ እዩ። ከም ዝፍለጥ ንህሉው ኩነታት ሱዳንን ሶማልያን ሓዊስካ፡ ኢማራት ዓረብ ኣብ ዞባ ክትረብሓሉ ዝጸንሐት ቀንዲ መኣዲ እቲ ናይ ህውከትን ስትራተጂያዊ ኣሰላልፋን ኩነታት እዩ። ኑቲ ዘይርጉእነት ኣብ ምፍጣርን ኑዳዲ ኣብ ምውሳኽን ድማ ዝለዓለ ግደ ትጻወት ኣላ። ኣብ መንጎ ሃገራት ናይ'ዚ ዞባ ብዝቶየድ ሰላማዊ ሓድሕዳዊ ምትሕብባር ዝፍጠር ርጉእ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ንኣድላይነት ግዳማዊ ደገፍ ዘጕድሎ እዩ። ብኣንጻሩ ዘይምርግጋእ እንተሎ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ኢማራትን ከም በርበራ ኣብ ዝኣመሰላ ብጕዳም ዝተወረራ ስትራተጂያውያን ወደባትን ዝህልዋ ጽግዕተኛነት ናይ ህላወ ሕቶ ይገብሮ።



ኣብዚ ዝዓበየ ስእሊ ዞባ፡ ኣዕናዊ ምንቅስቓስ ኢማራት ዓረብ ኣብ ኢትዮጵያ ዝምልከት ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን። ኣብ ሱዳን እውን ፍሉይነት ብዘለዎ ሓደገኛ ኣግባብ ዝጋልብ ካልእ ኣጀንዳ ኣሎ። ከምቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዘስምረሉ፡ ኣብ ሱዳን ዝቶየድ ዘሎ ኲናት ሓድሕድ ኣብ መንጎ ክልተ ጀነራላት ዝቶየድ ኲናት ኣይኮነን። ኣብ መቓን ናይቲ ዝየዳ ጽልዋ ግዳማውያን ሓይልታት ንምስጕዳድ ዝቶየድ ዘሎ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ኣእቲኻ ዝርኣ እዩ። እዚ ንሓፈሻዊ ዘይምርግጋእ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ከምኡ'ውን ጸጥታን ርግኣትን ቀይሕ ባሕሪ ብዕምቈት ዝጸለወ ኩነታት፡ ኑቲ ብግዳማውያን ሓይልታት ስትራተጂያውያን ወደባት ንምቍጽጻር ኣንቂዱ ዝቶየድ ዘሎ ውድድር ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ኣብሪኹዎ ኣሎ። እታ ሓደ እዋን መሶብ ኣፍሪቃ ተባሂላ ትጥቀስ ዝነበረት ሱዳን ድማ፡ ዝኢ ሓደገኛ ምንቅስቓሳት እተኣንግድ ዘላ ሃገር ኮይና ትርከብ።

'ኲናት ሓድሕድ' ተባሂሉ ዝጥቀስ ቅልውላው ሱዳን፡ ንዝሒያዊ ኣመለኻኽታ ኢትዮጵያን ዲሰኩራቱን ከም መቀላጠፊ ባእታ ኮይኑ የገልግል ኣሎ እንተበልና ምግናን ኣይኮነን። ንዓቢ ተራ ናይታ ዞባዊ ዘይምርግጋእ ኣብ ምምዋል እትርከብ ኢማራት ዓረብ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ማለት እዩ። ስለዝኾነ እቲ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ብጕዳማዊ ደፍኢት ዝጋጠመ ዘይምስምማዕ ንጸገፈኛታትን ተበለጽትን ዘረፍትን ዘተባብዕ ጂኦፖለቲካዊ ሃዋህው ፈጢሩ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሱዳን ኣብ ታሪኽ ዘይርሳዕ በደል የኸትል ኣሎ። ምስ ቅልውላው ሱዳን ተኣሳሲሩ፡ ምስቲ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ ኣጀንዳ ዘሎ ምውሳኣብ ከመይ ይመስል ምድህሳስ፡ ነቲ ምሉእ ስእሊ ንምንጻር ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ዝኢ ዝስዕብ ንመልከቶ፦

ይቕጽል . . .

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ሓሳብ ልብና ክሰምር

ኣስቴር የማነ



“ሓሳብ ልብኻ/ኺ የስምረልካ/ኪ!” እትብል ምርቓ ብተደጋጋሚ እንሰምዓ ምርቓ እያ። ከምኡ ተባሂሉ ክምረቕ ዘይብህግን፡ ከምኡ ኢሉ ክምርቕ ዘይስማዕን ድማ ክንደየናይ ከይህሉ። ስለዝኾነ እዩ ኸኣ ዝበዝሐ እዋን ቀዳመይቲ ካብ ልሳን መራቒና እትወጽእ እዛ “ሓሳብ ልብኻ/ኺ የስምረልካ/ኪ!” እትብል ምርቓ እትኸውን። ንሕና’ውን ብግደና፡ ምኽንያት ኣብ ዝረኸብናሉ እዋን ሰናይ ምንዮትና ንምግላጽ ናብ ካልእ ሰብ ብመልክዕ ምርቓ እነሰጋግራ፡ ቀዳመይቲ እዛ ምርቓ እዚኣ’ያ እትኸውን። ካብ ምሒር ምብሃጋ ዝተላዕለ፡ “ሓሳብ ልበይ ኣስምረለይ!” ብምባል ኣብ ዕለታዊ ጸሎትና ከይተረፈ ዘይነእትዋስ መዓስ ኴንና። መበገሲ ናይ`ዚ ኹሉ ባህጊ፡ ሓሳብ ልብኻ ሰሚሩልካ፡ ድሌትካ ምስ ረኺብካ ዘሎ ናይ ዋንነት ዕግበት ኣዝዩ ዓቢ ስለዝኾነ እዩ።

“እንታይ ትደሊ፧” ዝብል ሓታቲ ምስ እንረክብ፡ ነየናይ ድሌትና ከም እነቐድም ክሳብ ዝጠፍኣና ኲሉ ዓይነት ባህጊና ምዝርዛርና። ዝርዝር ኣብ ልዕሊ ዝርዝር ደራሪብና ምረቓሕና። ዘመናዊ ክዳውንቲ፡ ዘመናዊት ሞባይል፡ ዘመናዊት መኪና፡ ሓላፍነት ምውሳኽ፡ ሓድሽ ቦታታት ምርኣይ፡ ወዘተ.፣ ብፍላይ ኣብ ውዑይ ዕድመ ዘሎ መንእሰይ እሞ ኸኣ እንታይ ዘይደሊ፣ እንታይከ ክውንን ዘይብህግ!። ደቂ ሰባት፡ ድሌታትና መጀመርታ እምበር መወዳእታ ከም ዘይብሉ፡ ነፍሲወከፍና መርትዖ ኢና። ቀንዲ ምኽንያት ናይዚ ካብ ዘመን ናብ ዘመን፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናበለ ክመጽእ ጸኒሑ፣ ቅልጣፈኡ ብምውሳኽ ካብ ደቒቕ ናብ ደቒቕ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ ሰብ ዘምጽኦ ምዕባለ ኸኣ ንሱ ከይኮነ ኣይተርፍን። ዘይውዳእ ድሌታት።

ዝበዝሕ እዋን፡ ሓሳብ ልብና ማለት ድሌታትና ክሳብ ዝሰምሩልና ኢና ካብ ውሽጥና ዘይነርሕቖም እምበር ምስ ሰመሩልናስ ክንድ’ቲ ንምርካቦም እንገብሮ ዝነበርና ጻዕርታት፡ ንምዕቃቦም ክንጽዕር ኣይንርኣን። እዚ፡ ከም ዓቢ ድኽመት ክጥቀስ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ ብፍጥረትና ነቲ ደም ርሂጽና ዝጨበጥናዮ ነገር፡ ብቐሊሉ ካብ ኢድና ክንፍንዎ ግን ድሌት የብልናን። እዚ ድማ ንድኽመትና ከም ከውሊ ኮይኑ ከገልግለና ይርአ። ‘ዝሰመሩ ድሌታትና’ ነበርቲ ንክኾኑ ክንገብረሎም ዝግበኣና ምክንኻንን ኣድህቦን እንተ ጎዲልዎም ብኡ መንጽር ድማ ከነስተማቕሮ ዝጸናሕና መቐረት ህይወትና ክጽሎ ዓቢ ተኽእሎ ስለዘለዎ፡ ዘንጠብናያ ረሃጽ ንሸንቱ ክትከውን ኣይንደልያን።

እስኪ ክንደይ ካብ ድሌታትና ኢና ተዓዊትናሎምን ሰሚሮምልናን ዘለዉ፧ ክንደይ ካብኦምከ ኣይሰመሩልናን ኢልና እስከ ውሽጥና ሃሰስ ንበል። ብዙሕ ዘይተሰርሐ ዕዮ-ገዛ ከምዘጸንሓና ፍሉጥ እዩ። ደቂ-ሰባት፡ ምስ ድሌታትና ዝዳረግ ጉድለታት ስለዘለና ዘይሰመረ ድሌት ክህልወና ግድን እዩ። እሞ.... ነዚ ዘይሰመረ ድሌትና ደኣ እንታይ ንግበሮ፧ ‘እዚ ደኣ እንታይ ሕቶ ኣድልይዎ፡ ሃየ ሓቦ ንበል፡’ ዝብል መልሲ ናይ ገለ ውዑያት ደም ከምዘሎ ፍሉጥ እንድዩ፡ እቲ ጸገም ግን ሓቦ ኢልና ብረስኒ ተበጊስና ክንስና፡ በቲ ኣብ መንገድና ዝጸንሓና ሓርጎጽጎጽ ተሰናኺልና ስጉምትና እነዝሕል ካብኡ ሓሊፍና’ውን ጉዕዞና ደው እነብል ብዙሓት ስለዘለና እዩ። ምኽንያቱ፡ ገሊኦም ድሌታትና ንምርካቦም ኣዝዮም ቀለልቲ፡ ከምዚ ናብ ድኳን ክይድ ኢልካ እተምጽኦም ዓይነት ስለዝኾኑ ንኽንጭብጦም ብዙሕ ጻዕሪ ኣየድልየናን እዩ። ገሊኦም ግን ኣብ ህይወትናን ምንባርናን ዓቢ ለውጢ ክገብሩ ዝኽእሉ ስለዝኾኑ፡ ንምጭባጦም ኣብ ዝግበር ጉዕዞ፡ ኣዝዩ ከቢድን ብርቱዕን ጻዕሪ የድልየና። ስለዝኾነ፡ ነቲ ካብ ጉዕዞና ከሰናኽለና ዝሸምቦብ ህቦብላ ንፋስን፡ ክጸቕጠና ዝህንደድ መንደረጋሕን ብትዕግስቲን ሜላን እናሕለፍና፡ በሊጽና ክንወጽእ ከድልየና እዩ። ዝተነኽሰ ስንና ድማ ድሕሪ ዓወትና ንኽንስሕቕ ጥራይ’ዩ ክኸፈት ዘለዎ።

ግንከ፡ እዞም ኩሎም ድሌታትና ኣብ ባይታ ንረኽቦም ዲና፧ እቲ መልሲ ኣብ ናይ ነፍሲወከፍና ጻዕሪን ሓርኮትኮትን ከም ዝምርኮስ ኩልና ዘይንስሕቶ ሓቂ እዩ። ንባዕሉ እቲ ድሌታትና ክውንነታዊ ድዩ ኣይኮነን ከኣ ኣብ ግምት ዝኣቱ እዩ። ንኣብነት’ሲ ካብ ባዶ ተበጊስካ ብሰማይ ሰማይ እትበርር መኪና እናዘወርካ ክትከይድ ክትብህግ ኣይግበኣካን። እቲ ምንታይሲ ሳእንኻ ማዕረ እግርኻ ስለዝኾነ። ናብኡ ንምብጻሕ፡ ግድን ኣቐዲምካ ዘንጸፍካዮ ባይታ ክህልወካ ኣለዎ። ወይ ባዕልኻ ንኽትምህዛ ንዓኣ ዝበቅዕ እኹል ፍልጠት ክትድልብ ኣለካ ወይ ከኣ ክሳብ እትመሃዘ ክትጽበ ኣለካ። ምርጫና እቲ ዝቐደመ እንተኾይኑ፡ ኣእዳውና ኣጣሚርና ክንርኢ ኣይግባእን እዩ። እንታይ ዓይነት ጻዕሪን ጸዓትን ከነጥፍእ ኣለና ንምግማቱ ዘጸግም ስለዘይኮነ ከም ርዱእ ንውሰዶ። ምርጫና እቲ ዝደሓረ ምስ ዝኸውን ግን.... እዋእ፡ እንድዒ..... ምስ ህርፋንና እንከለና ዕድሜና ተቐጺረን ከየብቅዓ’ሞ ንሱ’ን ከምኡ’ን ዝኣመሰለ ጾር ዝኾነ ዘይተወደአ ዕዮ-ገዛ ሒዝና ከይንሓልፍ። ከምዚ፡ ‘ሕልሚ ደርሆ’ ዝኾነ ዓይነት ድሌትስ ንየው ደኣ ንበሎ። ኢድና ሓዊስና ከነርክቦ ዘይንኽእል ሕልሚ እንተኾይኑስ እንተገደፍናዮ’ውን ዘጉሂ ኮይኑ ኣይስመዓንን።

ድሌታትና ክንዝርዝሮም እንተጀሚርና፡ ኣዝዮም ክበዝሑና ስለዝኽእሉ፡ ንኹሎም ብሓደ ግዜን ብሓደ ጸዓትን ከነስምሮም ኣይንኽእልን ኢና። ከከም ዓይነቶም፡ ኣገዳስነቶምን ህጹጽነቶምን እናበልና ብቐደም ተኸተል ሰሪዕና እንተሰራሕናሎም እዩ እቲ ንቡር። ‘ብሓንቲ እምኒ ክልተ ዑፍ’ ዝዓይነቱ ኣካዩዳ ሒዝና፡ ንኹሎም ኣብ ሓደ ግዜ ከነርክበሎም ኢና ኢልና እንተኀዩና ግን ኣይኣብዚ ኣይኣብቲ ካብ ኩሉ ሓዲግ ኢና እንኸውን። ናብ ኩሉ ክንማጠጥን ከነተኣኻኽልን ብምባል፡ እቲ ንሓደ ክንህቦ ዝግበኣና ግዜ፡ ጻዕሪን ምክንኻንን ስለዝጎድለና፡ ሃሊኽና ጥራይ ኢና እንተርፍ። ምናልባት.... ምናልባት.... እንተኾነ ከኣ ኣብቲ ከባቢኡ ደኣ ትዝምቢ እምበር ብልክዕሲ ኣይትበጽሖን። ቀዳምነታት ዘይምስትውዓል፡ ኣብ ሓደ ግዜ ናብ ዝተፈላለየ ኣንፈት ንዝሓዙ ድሌታትካ ምጉያይ፡ ጸጋታትካ ዘይምምዛን ተባሂሎም ዝጥቀሱ ረቛሒታት፡ ገለ ካብቶም ድሌታትና ንኸይሰምሩ ዝኽልክሉና’ዮም። ንድሌታትና ሰኣን ብህድኣትን ዕቱብነትን ምሓዞም ዝስዕብ ሃልኪ ስለዝኾነ ኸኣ ብዓቢ ኣተኩሮ ክንጥምቶምን ኣቐዲምና ክንዳለወሎምን ኣለና።

ዘይሰመሩ ድሌታትና፡ ንረኽቦም ዘይኮንና ናብ’ቲ ዘለውዎ ብምኻድ ኢና ነርክቦም። ናብ’ቲ ዘለውዎ ብምኻድ፡ ካብቲ ተሰቒሎሞ ዘለዉ ቀንጢብና ብምውራድ ኢና ኣብ ኢድና እንጭብጦም። ባዕልኻ ኣምጺእካ ኣብ ኣእዳውካ ምስ ጨበጥካዮ ዝስመዓካ ዋንነትን ፍስሃን፡ እቶም ዝፈተንዎ’ኳ ኣጸቢቖም ዝፈልጥዎን ዘስተማቐርዎን እንተኾኑ፡ እቶም ዘየስተማቐርናዮ ድማ ነፍሲወከፍና ፈቲንና ክንፈልጦ ናባኹም ይገድፎ። ካብዚ ዝተረፈ ግን ባህግታትና ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት ኣብ ቅድሜና መጺኡ ኮፍ ክብል ኢልና ምሕላን ካብ ክውንነት ምርሓቑ ከይኣክል፡ ኣፍና ማይ ኣምዒጉ ክትርፈና ስለዝኾነ ዘይምሕሳቡ ይምረጽ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ክንዲ “ከምዚኣ ዝጎደለትኒ ኣላ፡” እናበልና ሕርኽርኽ ዝብለና ነገር ጼርና እንነብር፡ ድሌትና ንምስማር ገለ ንኡሽተይ ነገር ሰሪሕና ሩፍ ኢልና ምድቃስ ይሓይሽ ዝብል ሓሳብ እዩ ዘለኒ። ብፍላይ ከኣ እቶም ሰብ ውዑይ ሓይሊ ዝኾንና መንእሰያት፡ ጸዓትና ብዝግባእ ኣመሓዲርና ናብቲ ዝያዳ ክሰምረልና እንደልዮ ድሌትና እንተሰጎምና እዩ ሓሳብ ልብና ሰሚሩ ኣብ መዕለቢኡ በጺሑ እንርእዮ። ከመይሲ፡ እቲ ዝያዳ ግዜን ጉልበትን ሂብና ዘሰራሕናሉ ነገር፡ ዋላውን ንእሽቶ ትኹን ለውጢ ከርኢ ግድን ስለዝኾነ።

“ጉዕዞ ሽሕ ማይል፡ ብሓደ ስጉምቲ ይጅምር።”

ቻይናውያን

ኣብዚ ዘመን ዘርከብና ሰብ ዝበዝሐ ህይወትና፡ ኣናብራና፡ ፍልጠትና፡ ሓይሊናን ጸጋናን ካብ ትማሊ ዝረኸብናዮ እዩ። ቀዳሞት ዝነበሩ ወለዶታት ተመራመርቲ፡ መሃዝቲ፡ ፈጠርቲ እዮም ነይሮም። እቲ ፍልጠቶም፡ ምህዞኦም፡ ፈጠራኦምን ተሞኩሮኦምን ንዓለም ኣብ’ዚ ደረጃ ክትበጽሕ ኣኽኢሉዋ። ንኹሉ ፍልጠት መበገሲ ኣሎዎ። ነቲ ፍልጠቶም ኣብ ግብሪ ደጋጊሞም ብምፍታን ክዕወቱሉን ክሳብ ሎሚ ክጽውዑሉን ክኢሎም። ነዚ ናይ ሎሚ ወለዶ ኸኣ ሓፍ ዘይብል ፍልጠትን ናይ ምፍታን ዓቕሚን ዕድልን ገዲፎሙሉ ሓሊፎም።

ንሕና’ውን ብዘይ ፍልጠት፡ ምህዞን ፈተነን ናብራና ክንልውጥ ኣይከኣልን’ዩ። ከምቲ ቀዳሞት ንዘመና ዘጽውዑሉ ዘለዉ፡ ክንጽዋዕ ንኽእል ኢና። “ቀዳሞት እዚ ዝገበሩ... ቀዳሞት ከምዚ ዝፈጠሩ... ወዘተ..” ክንብሃል ንኽእል ኢና። ኩሉ ብሓንቲ ስጉምቲ’ዩ ዝጅምር።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንገ ከሰስት ወ/ሪት ቁም ነገር ተስፋይ ንገሰ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ በርሀ ሄጸርኣብ ማሓሪን ዘሎ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ፥ ተኸሰስቲ ቁ/2 ፐርሳቦል በርሀ ሄጸርኣብ፥ ቁ/3 ኤርምያስ በርሀ ሄጸርኣብ፣ ንጹር ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፥ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ሰመረ ገብረማስቀል ወልደሰላሴ ዑቕባሚካኤል ምባል ተሪፋ፥ ገብረማስቀል ሰመረ ወልደሰላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።
ኣቶ የሴፍ ሰዩም ኣርኣያ፡ ስም ኣደይ ሳራ ዑቕባይ ሓጎስ ምባል ተሪፉ፥ ሳባ ዑቕባ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ለድያ ብርሃ ገብረትንሳኤ ምባል ተሪፋ፥ለድያ ኣቶብርሃን ገብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ይ/በዛሊት ጸገሮማን ጎይትኦም ጋብር፥ መ/ወዝቢት ኤደን ክብርኣብ ዮሃና ናይ ወህብቶ ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ መ/ወዝቢት ኤደን ክብርኣብ ዮሃና ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፥ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኪ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይግባይ ቁ.37 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ማእከለ ወልደገብርኤል በርሀ ምባል ተሪፉ፥ዳዊት ወልዳይ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ሚካኤል ተስፋይ ዋሴ፡ ስም ኣደይ ዘፋን ጉርጃ ምባል ተሪፉ፥ ዘፋን ተፈሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣብ መንገ ከሳሲ ዞምባ፥ ፓርቴሲፓዚዮኒ ሲ.ኣር.ኤልን ተኸሳሲ ኮየኒፊቾ ሆንግ ሓዚብማን ዘሎ ናይ ፐዝብ ጉዳይ፥ ተኸሳሲ ትኻል ኣድራሻኡ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ስለዝኾነ፥ ብጋዜጣ ተጸዊዑ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳዩ ኣብ ዘየለወሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኢትዮጵያ ኣብርሃ ዝግታ፡ ወኪል ምሕረት ሓጎስ ገብረእየሱስ፥ ሓፍተይ ጸገረዳ ንገሰ ናይዝጊ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣልማዝ እስቲፋኖስ፥ ብዓል ቤተይ ገብረኣምባስ ገብረስላሰ ተስፉ ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ጎይትኦም ክፍለ መሓሪ፥ ኣደይ ንግስቲ ተወልደብርሃን ካሕሳይ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የውሃንስ እምሃጸዮን ማና፡ ኣደይ ኣብርሃጼን የማን ወልዱ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ንጸህቲ መዓሾ ተስፋዝጊ፥ ብዓል ቤተይ ጎይትኦም ክብሮም ጊላጋብር ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሰስቲ ወረ/ፍ ብርኸቲ መሓሪ ገብረኣምላኽ 2.ቸቾር ኣምለሶም ተስፋማርያም 3.ዮሳን ሙልጌታ፡ ተኸሳሲት የርዳኖስ ኣምለሶም ተስፋማርያም ናይ ምቅለት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፥ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኪ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣበባ ኪዳነ ገብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ገብረማስቀል ዘርኣይ ክፍለዝጊ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 1 ወደና ድማ ወረሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ተኽሉ ኣስመላሽ ተኽለሰንበት፡ ኣቡሓጎይ ገረዝጊሄር ሰቘር ስለዝዋረረ፥ ኣነ ምስ 29 ደቂ ሓወቦታተይን ደቂ ኣሞታተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ ዓንዳይ ሃብቱ ተላ፡ ኣቡሓጎይ ተላ ዓንዳይ ዓርኩ ስለዝዋረረ፥ ኣነ ምስ 16 ደቂ ሓወቦታተይን ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።
ሰናይት ዳዊት ወልዱ፡ ኣቦይ ዳዊት ወልዱ ኣስመሮም ስለዝዋረረ፥ ኣነ ጥራይ ወረሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሃብቶም የማነብርሃን ተወልደብርሃን፡ ኣቦይ የማነብርሃን ተወልደብርሃንን ኣደይ ለተብርሃን ዘራጼንን ስለዝዋረሩ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተማስ ጊላይ ገብርሂወት፡ ስም ኣደይ ኣወጣሽ ታደሰ፥ በላይነሽ መብራህቱ ምባል ተሪፉ፥ ኣብይነሽ መብራህቱ ረታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሸማይነሽ ሞገእ ገብረሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ምሕረትኣብ ጠዓመ ጎይትኦም ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚከኤል ነጋሽ ተኽለሚካኤል፡ ኣዴና ሰላስ ተስፋማርያም ወልዱ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚልኪያስ ሳምሶን፡ ስም ኣደይ ወይኒ ታየ ተክለወይኒ ምባል ተሪፉ፥ ለምለም ክብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰሊና ተስፋይ ወልደገብርኤል፡ ስም ኣደይ ለተብርሃን ካሕሳይ ወልደሰላሴ ምባል ተሪፉ፥ ገነት ወልደሊባኖስ ዓንደጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ደመት ኣስመሮም ረዳ፡ ኣቦይ ኣስመሮም ረዳእ በቃ ስለዝዋረረ፥ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለተእዝጊ ዓንደሃይማኖት ተወልደብርሃን ምባል ተሪፉ፥ ለተእዝጊ ዓንደሃይማኖት ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚለን ተኽለማርያም፡ ስም ት/ዕድመ ወደይ ኣቫናኣብ ተከስተ ኣስመላሽ ምባል ተሪፉ፥ ኣቫኖብ ተከስተ ኣስመላሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጴጥሮስ ተስፋዝጊ ጊላይ፥ ኣቦይ ተስፋዝጊ ጊላይ ፍረ ስለዝዋረረ፥ ንኣዴና ወ/ሮ ደሃብ ክብሮም ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፥ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ከሳሲት ለተኺዳን የናስ፥ ተኸሳሲ ተስፋኣለም ዘርእዝጊ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ደርግኣለም ሰምረ ጀና ምባል ተሪፉ፥ ደርግኣለም ሰመረ ጀነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሻም ተዓገስ ጉበሩ ምባል ተሪፉ፥ ስምኦን ተዓገስ ጉበሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክፍላይ ሃይሉ፡ ስም ኣደይ ጸገወይኒ መብራህቶም ምባል ተሪፉ፥ ሸዋይነሽ ሃይለ ገብረማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሰመረ ተኽለይ ዮሃና፥ ኣደይ ሊታይ ተስፋጽዮን ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዳኒኤል የማነ ባይራሚካኤል፡ ኣዴና ሳራ ተስፋይ ኣብረሀ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወልደሃይማኖት ተስፋልደት ሰርጌ ምባል ተሪፉ፥ ሰላማ ተስፋልደት ሰረቐ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ነጋሲ ንገሰ የሴፍ ምባል ተሪፉ፥ የሴፍ ንገሰ ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የርዳኖስ ተኽለወይኒ መሳኤል፡ ብዓል ቤተይ ምሉእብርሃን ገብረ፥ ቅድሚ 6 ዓመት ምስ ወጸ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፥ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ይጸዋዕለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማኣዛ ሰዩም ሃብቱ፡ ስም ኣደይ ደሕያ ተኽለ ማሓሪ ምባል ተሪፉ፥ ብሮጊ ተኽለ ማሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሞገስ ኣፍወርቂ ዮኽረጽዮን፡ ኣቦና ኣፍወርቂ ዮኽረጽዮን ሃብተጋብርን ኣዴና ርዝና ሃብተስላሴ ዑቕባሚካኤልን ስለዝዋረሩ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተንስኤ ገብረማስቀል ተስፋይ፥ ብዓል ቤተይ ወልደኣብ ገብርኣብ ምራጭ ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 10 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰሃና ማሪቆስ ታደሰ ምባል ተሪፉ፥ ሰሃና ጳውሎስ ሃብተስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ጉት ዑቕባዝብርኤል ወልደሃይማኖት፡ ኣደይ መብራት ገብረሂወት ማና ስለዝዋረረት፡ ንኣቦይ ዑቕባዝብርኤል ወልደሃይማኖት ናይ መጻምዲ ማሰሉ ይተሓለወሉ፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መብርሂት ደሳለ ኣርኣያ፡ ብዓል ቤተይ ዳኒኤል ኣርኣያ ተስፋሚካኤል ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲ ኣቶ ገብረእግዚኣብሄር ስብሃትልኣብ፥ ተኸሳሲት ወ/ሮ ለተንገሰ ገብረልኡል ንዋቱ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን15/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣብዲት ኣብርሃ ካሕሳይ፡ ብዋል ቤተይ ጸጋይ ከበደ ኣብርሃም ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ብርኽቲ ዘርኣይ ደስታ፡ ብዋል ቤተይ መለሰ ሓጎስ ጸዕዱ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ተስፋሂወት ገሉ ገብረልኡል ምግል ተሪፋ፡ ተስፋሂወት ወልዱ ገብረልኡል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

በረኽት ገሉ ገብረልኡል ምግል ተሪፋ፡ በረኽት ወልዱ ገብረልኡል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምሉጌታ ገሉ ገብረልኡል ምግል ተሪፋ፡ ምሉጌታ ወልዱ ገብረልኡል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍሊሞን ገሉ ገብረልኡል ምግል ተሪፋ፡ ፍሊሞን ወልዱ ገብረልኡል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ የርሳሌም ፍስሃየ በርሀ፡ ተኸሳሲ ገብረትንሳኤ ኣረጋይ ወልደማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ቀደሽ ኢያሱ ወልዳይ፡ ብዋል ቤተይ ኣብርሃለ ስዩም ገብረመድህን ስለዝተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ወ/ሮ ኣበባ ታፈረ፡ ስዩም ት/ዕድመ ጓለይ መዚት ጋፍረ ክንፈ ምግል ተሪፋ፡ ንብዮት ጋፍረ ክንፈ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ጽጋብ በርሀ ገብረመድህን፡ ጓለይ ባሕርና ጽጋብ በርሀ ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ፍስሃ ሃይለ መዝገቡ፡ ተኸሳሲ ገብረዝጊኣብሄር ስዩም ተስፋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ንፈልጥ።

ፍረወይኒ ገብረዝጊኣብሄር ስዩም ምግል ተሪፋ፡ ኤለም ገብረዝጊኣብሄር ስዩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ከሳሲት ወ/ሮ ከዲጃ ሓሰን ኢብራሂም፡ ወኪል ሰዓድ ሓሰን ኢብራሂም፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ሓሊማ ሓሰን ኢብራሂም፣ ናይ ወኪልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሓሊማ ኣብብከር ዩሱፍ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ውዳስ ነጋሽ ተስፋሚካኤል፡ ናይ ወኪልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረኣ ምዃኑ ንፈልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ምሕረት ኣብርሃ ወንድረሱ፡ ኣደይ ጽገወይኒ ዝሀይ ባላ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሄለን መርሃዊ ዓንደጻዮን፡ ብዋል ቤተይ ኣስመሮም ሃብተጼን ገብረሚካኤል ስለዝተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ራህዋ ሕብረጽዮን ጊዮርጊስ፡ ብዋል ቤተይ ተስፋእዝጊ ፈሳሲ ጨርር ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዘይኑብ መሓመድ ዓሊ ሑመዲን ምግል ተሪፋ፡ ዘይኑብ ዓሊ መሓመድ ሑመዲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

መሓመድ ዓሊ ሮሞዳን ምግል ተሪፋ፡ ኣደም ዓሊ ሮሞዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ሓሰን ሓምድ ምግል ተሪፋ፡ ሓሰን ኣሕመድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ፎርቶ ሳዋ

ከሳሲ ኣቶ ሰለሕ ሓምድ መሓመድ፡ ተኸሰስቲ 1.ኣቶ ኤርምያስ የውሃንስ ዞርያስ 2.ኣቶ ዓብዩልርሑም መሓመድ ቴድሮስ፡ ተኸሳሲ 2.ኣቶ ዓብዩልርሑም መሓመድ ቴድሮስ፡ ኑታ ካብ ተኸሳሲ 1.ኣቶ ኤርምያስ የውሃንስ ዞርያስ ዝዓደጋ መኪና ሰሌዳ ቁ.ER.1.108953 ቁቻሲ 05002859 ዓይነታ ፍያት ኣምባላ ዝዓይነታ፡ ኣብ 2013 ዓ/ም ብሕሱብ 30.000.00 ሽሕ ናቕፋ ውዕል መሸጣ ፈጺምና፡ ግዝኡ ምስ ወሰደ ስም ምትሕልላፍ ከይገበረለይ ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ማሕሙድ ሑመድ ሳልሕ ምግል ተሪፋ፡ ማሕሙድ ኣሕመድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኩሑሉ ተሻመ ጸጋይ፡ ርግበ ፍስሃ ገብረገርግሽ ምግል ተሪፋ፡ ሃይማኖት ገብረገርግሽ ዘሙይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣማሊያ ማርያ ኣስኪኖ ምግል ተሪፋ፡ ኢማሊያ ማርያ ካስኮዲ ኣልፈርዶ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ወ/ሮ ኮኾብ ኢዮብ ጸጋይ፡ ዝተፈቐደለን ናይ ሞያዊ ስልጠና ንግዳዊ ትካለን፡ "ኢያሱ ማእከል ሞያዊ ስልጠና" (IYASU TRAINING CENTER) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ንፈልጥ።

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

---

ኑቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከባቢ/ዚፕ ኮድ 4 ኣስመራ 1A135 ጎደና ዳህላኩ ከበር ቁ.ገዛ 10 ፕሎት 145 ዝርከብ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብቑ.መለለዪ ንብረት 1፡007387 ብስም ብዋልብቤተይ ነፍ/ሱሌማን ኣሕመድ ኣሚር ዝተመዝገበ ገዛ፡ ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተ ዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና እሕብር።

ወ/ሮ ፋጥማ መሓመድሰዒድ ኢብራሂም

---

ኣመልካቲት ኣነ ኢለን ወልደሚካኤል ኣረይ፡ ናይ ናቕፋ ኮርፖረሽን ብርኪ ማሕበር ዝኣተኽዎ ናይ ብርኪ ዋንነት ኦርጂናል ቁጽሪ 3554 ወረቐት ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ረኺብዎ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑ.ሞባይል 07435730 ክሕብረኒ እሓትት። እንተዘይተረኺቡ፡ መተካእትኡ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኢለን ወልደሚካኤል

---

ኣብ መንነ ኣካራያይ ነጁብ ንጉሰ ተወልደመድህንን ተኻራዪ ሙሉጌታ ገብረሚካኤል ባልቻን ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00043205 ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ሞገሎ ቁ.ገዛ 93 ዝተመዝገበ ናይ ዱኳን ንግዳዊ ንጥፈት፡ ካብ ዕለት 31/10/2025 ከም ዝተቛረጸ እናሓበርና፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ናብ ዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ከቋረጽ ምዃኑ ንፈልጥ።

ጨ/ቤ/ጽ/ንግድን/ምዝገባን

---



## ሓበሬታ

## ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**HDPE WELDER**
**Number required – (04)**
**Type of contract – Indefinite**

### Major Duties and responsibilities

- As an HDPE Pipe Welder, your daily tasks often include preparing pipe sections, aligning and joining them by using fusion welding techniques, conducting inspections for weld quality, and troubleshooting any alignment issues or defects and reporting any other issues.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

- HDPE Welding & Fabrication: Perform Butt fusion, electrofusion, extrusion, and socket fusion welding of HDPE pipes and fittings.
- Read and interpret drawings, isometrics, and specifications for accurate fabrication and installation. · Ensure all welding and fabrication work meets specifications and industry standards.
- Install HDPE pipelines, fittings, and manifolds as per project requirements. ·
- Conduct pressure testing, joint integrity checks, and system commissioning with site teams.
- Ensure proper handling, storage, and preparation of HDPE materials.
- Ensure the Quality Control & Documentation are maintained.
- Maintain welding logs, pressure test records, and ensure compliance with Inspection Test Plans and quality requirements
- Pre-task risk assessments and always use safe work practices. At all times.
- Ensure correct PPE is worn and that equipment is maintained in good working conditions.
- Teamwork & Coordination, work closely with civils, mechanical, dewatering and site teams to ensure seamless installation.
- Guidance and support to HDPE welding assistant where required.
- Proper housekeeping should be always maintained.
- Daily and weekly report to your Supervisor and planning department.

### Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Basic education level |
| Working Experience – Nature & Length | • Five years above (3) |
| Technical Skills | • AS a Leading hand two years and above |
| Other Skills and Abilities | • Basic English speaking, Reading and writing |

### General Information and other requirements:

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

### Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

---

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒ/መጓ/መራኽቢታትን ንዓመት 2026 ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ስራሓትን ኣገልግሎታትን ዝሀቡ ትካላት ኣውዳዲሩ ውዕል ክኣቱ ስለ ዝደለየ፣ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

1.ምጽጋን ኤሌክትሮኒካዊ ኣቕሑ (ኮምፕዩተር፣ ፕሪንተር፣ ፋክስ፣ ፎቶ ኮፒ ወዘተ)
2. ምምላእ ቀለም (ፕሪንተር፣ ፎቶ ኮፒየርን ፋክስን)
3. ምጽጋን መፋትሕ

ክማልኡ ዘለዎም ረቛሒታት

1. ናይ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ኦርጂናልን ቅዳሕን ወረቐት መንነትን ምቕራብ።
2. ናይ ዓመት 2024 ግብሪ ከም ዝኸፈልካ ዘረጋግጽ ክሊራንስ መበቆላዊ ሰነድን ቅዳሕን ምቕራብ። እቲ መበቆላዊ ቅዳሕ ምስቲ ቅዳሕ ተነጻጺሩ ተመላሲ ይኸውን።
3. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ተኸታታሊ መዓልታት ክፉት ይኸውን።
4. ጨረታ ኣብ መበል 10 መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ኣብ ቀጽሪ ማ/ቤ/ጽሕፈት ሚኒ/መጓ/መራኽቢታትን ዝርከብ ኣዳራሽ ቁ. 303 ተጫረትቲ ባዕሎም ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ይኽፈት። መበል 10 መዓልቲ ስራሕ ኣብ ዘይብሉ መዓልቲ ምስ ዘውዕል ኣብ ዝቐጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ ይኽፈት።
5. ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ሓምሳ (50.00) ናቕፋ ብምኽፋል ካብ ማ/ቤ/ጽሕፈት ሚኒ/መጓ/መራኽቢታት ቤት ጽሕፈት ቁ/317 ይወሰድ።
6. ኣብ እዋን ምኽፋት ጨረታ ተጫራቲ ባዕሉ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ምስ ዘይርከብ ቡቶም ዝተረኽቡ ተጫረትቲ ጨረታ ይኽፈት።
7. ሚኒ/መጓ/መራኽቢታትን ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብኸፊል ይኹን ብምሉእ ክሰርዞ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ቴሌፎን 182570 ብምድዋል ተወከሱ።

ሚኒ/መጓ/መራኽቢታትን

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## "ፍቕርን ሕውነትን ከነትርፍ፡ ምሕረት ገይርና ኣለና!" ስድራቤት መዋቲት

ጌጋ መናብርቲ ደቂሰብ ክሳብ ዝኾኑ ኣብ ዕለታዊ ሂወትና ክንጋገን ክንበድልን ንኽእል'ዩ። ስለዚ፡ ኣብ መንኛና ፍቕሪን ምሕረትን ክህልወና ንግደድ። ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ፥ ብዙሓት መዳርግቲ ዘይብሎም ክብርታት ከምዝለዉ ከልና እንፈልጦ ሓቂ'ዩ። እዚም ማዕና ኣልቦ ዝኾኑ ክብርታት ናብ ወለዶ ንምስግጋርም ከኣ ሓላፍነት ኩሉ ይኸውን። ሓደ ካብቲም ዝጸብቐ ሕብረተሰብና ኣገላለጻም ዘርእዩ ክብርታት፡ ድንገት ኣብ ዘጋጥም ሞት ዝግበር ኣገባብ ምሕረትን ዕርቅን'ዩ። ቀጺልና፡ ኑዩም ዝ. ሬዚን ባህ.ዚ ዘተግበርዎ መርኣያ ክብረቶምን ርዝነቶምን ስለዝኾነ ቀጺልዎ ንምቕሳም፡ ብዙናይ ደሴትን ምርድኡጃን ስድራቤት መዋቲ ብምዕሩግ ኣገባብ ዕርቅን ምሕረትን ናይ ዝደቐሱ ሞት ዘሰዓበ ሓደጋ ክስዕበልኩም።

እቲ ናይ ሞት ሓደጋ ኣብ ንእስ ዞባ ገጀረት - ከባቢ እንዳ ኖራ'ዩ ብ17 ጥቅምቲ 2025 ኣጋጢሙ። ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ መዋእል ዓንደም ሃማርያም ኮይኑ፥ ሞተር ሳይክል ተወጢሑ እናኸደ ከሎ፡ ንጓል 8 ዓመት ህጻን ተማሃሪት ሰሰን ምሕረትኣብ ሃብተማርያም ገጪዩ ሞት ዘበጽሐ ሓደጋ ኣውሪዱሉ። ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ብዘይምቁራጽ ዝተሳተፉዎ ንቡር ሓዘን ድማ ኣብ እንዳ ወላዲአ ኣቶ ምሕረትኣብ ሃብተማርያም ተፈጺሙ።

እዚ ዝተፈጸመ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ መዕለቢ ንምግባር፡ ክልቲኦም ስድራቤታት ብመንገዲ ካብ ክልቲኦም ዝወጽኡት ናይ ዕርቂ ሽማግለ ዘድሊ ምርድዳእ ምስ ተገበረ፡ ብዕለት፡ ብ3 ሕዳር 2025፡ ኣብ መንበሮም ክልተ ስድራቤታት፡ ካህናትን ቤተሰብ ክልቲኦ ስድራቤትን ኣብ ዝተረኽብሉ፥ ወግዓዊ ናይ ዕርቂ ስነስርዓት ተፈጺሙ። ኑቲ ዕርቂ ዝምልከት ሰማማዕ ዕርቂ'ውን ተነቢቡ።

ኣብ'ቲ ናይ ዕርቂ ዕለት፡ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ መዋእል ዓንደም፡ ቤተሰቡ ኣምሪሑ'ዩ ኣብ ቅድሚ ስድራቤት ነፍ/ረት ህጻን ሰሰን ሃብተማርያም ቀሪቡ። ኑቲ ናይ ዕርቂ መደብ ብጸሎት ዝኸፈቱ ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ቀሺ ገብረሂወት ዘርኣጽዮን ድማ ተቓጺሮም ምርኻቦም ንፈጣሪ ድሕሪ ምምስጋን፥ ስድራቤት መዋቲት፡ ኑታ ኣብ ምድሪ ኮነ ኣብ ሰማይ መለክዒ ዘይብሉ ምሕረት ምምራጾም፡ መርኣያ እምነቶምን ብሃገር ደረጃ ዝግለጽ ኣቡታዊ ቅዱስ ተግባሮምን ምዃኑ ሓቢሮም።

ቀጺሉ ኑቲ ዝተፈጸመ ስነስርዓት ዕርቂ ኣመልኪቱ ቃሉ ዘስመዐ ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ቀሺ ዘርኣይ ገብረልዑል'ዩ። ቀሺ ዘርኣይ፡ "ሰብ ብገዝእ ዘይተሳ ብሰላም፡ ብፍቕሪ ብምሕረት እዩ ዝትመን። ንሽኻትኩም ድማ ሓሲብኩምን መኺርኩምን፡ መርኣያ እምነትኩም ዝኾነ ምሕረት ምምራጽኩም፡ ጸጋኹም ካብ ኣምላኽ ርኺብዎ። ጌርኩምዎ ዘለኹም ቅዱስ ተግባር ድማ ዝነኽእለት መግለጺ ክብረትኩምን እምነትኩምን ኮይኑ ንወለዶታት ክዝንቶ'ዩ" ኢሉ።

ብምቕጻል፡ በቲ ዝተፈጸመ ስነስርዓት ዕርቂ ዝተሰመየ ሩፍታን ባህታን ቃሉ ዘስመዐ ወላዲ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ዓንደም ሃማርያም እዩ። ኣቶ ዓንደም፡ "ሓደጋ ወዘቢ'ኳ እንተኾነ፥ በቲ ዘይተሓሰበ ፍጻመ ኣዚና ኢና ጉሂና፡ ግን ዘይምለስ ኩይኑና። ኣምላኽ ግን ኣቦኹም ኣብ ሕያዎት፡ ፈቃራትን ምሕረት ዘቐድሙን ስድራቤት ስለዘውደቐና፡ ሩፍታ ተሰሚዑና። ኣፍትሆም ክንመልእ ኣብ ዝተመላለስናሉ፥ ኑቲ ከቢድ ሓዘን ተጻዊርኩም ብጸቡቕ መልሓስን ጸቡቕ ግብርን ኢኹም ተቐቢልኩምና። ናይ ብሓቂ ከኣ ኣመስጊንና። ዝ፥ ሕውነት ክንተኽለሉን ፍቕሪ ክንትክእሉን እዩ። ከምቲ 'ክቡር መጠን ኑቡሉ የኽብረካ' ዝተባህለ፥ 'ካቦኹም እንደልዮ ነገር የለን፥ እቲ ንደልዮ ፍቕሪን ሰላምን'ዩ' ኢልኩም፡ ኑቲ ጉዳይ ብዕርቂን ምለእ ምሕረትን ምዝዛምኩም ከኣ፥ መርኣያ ክብረትኩምን ጭዋ ባህልናን ስለዝኾኑ፥ ወትሩ እናተዘከርኩም ክትነብሩ ክንብረኩም'ዩ። ሂብኩምና ዘለኹም ምሕረት ድማ፥ ብምድሪን ሰማይን ካብ ኣምላኽ ርኺብዎ። ወሲድኩምዎ ዘለኹም ስጉምቲ፡ ንሃገርናን ንህዝብናን ጸቡቕ ኣብነት ብምዃኑ ድማ፥ ከሉ ዜጋ ክኽተሎ ዘለዎ ሬዚን ኤርትራዊ ባህሊ'ዩ። ንመዋቲት ህጻን ጓልና ሰሰን ሃብተማርያም መንግስተ ሰማይ፥ ንኸልና ድማ ጽንዓት ይሃበና - የቐንየልና ክብረት ይሃብልና" ክብል ቃሉ ኣስሚዑ።

ብስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ እኹል ናይ ምስጋና ቃል ምስ ቀረበ፡ ብወገን ወሃቢቲ ምሕረት ዝኾኑ ስድራቤት መዋቲት'ዩ እዚ ዝስዕብ ናይ ምሕረት ቃል ተሰሚዑ።

ፈለማ ካብ ቤተሰብ መዋቲት መምህር ክፍሎም ሓድጉ'ዩ ተዛሪቡ። መምህር ክፍሎም፡ "ምሕረት ምግባር ኣሸንኳይ ንፈጻሚ ገበን፡ ንሰማዒኡ ከይተረፈ'ዩ ባህታን ፍስሃን ዝፈጥር። ኣምላኽና'ውን ምሕረት ክንገብርን ክንዕረቕን እዩ ዝእዝዘና። ሕጂ ከኣ፡ ህጻን ሰሰን ጓልና ክትቕተሉ፡ መዋእል ዓንደም ወድና ድማ ክቐትል ኣይተረኽበን። ፍቓድ ኣምላኽ ክሰገር ስለዘይክእል፥ ሓደጋ ኣጋጢሙዎም። ንሽኻትኩም ከኣ ካብታ ሰሰን ጓልና ዝሞተትላ ኣትሒዝኩም፡ ክሳብ ዕለት'ዚአ ካብ ከይተፈለኹም ብጎኒእ ስለ ዝደበስኩምና የቐንየልና። ዘርኣኹምና ሕያውነትን ገጽን ደቢሱና'ዩ። ካብዚ ዝበርኩምዎ ዝዓቢ ደበስን ምጉያይን የለን። ገዛኡብ ዝኣብረልካ የብሉን፡ ሕልናዊ ሩፍታን ደበስን ከምጽኣልካ'ውን ኣይክእልን። ካብ ገዛእብ ግን ፍቕሪን ምሕረትን ይዓቢ። ምሉእ ጸጋታት'ውን ይሃበና" ክብል ተዛሪቡ።

ካብ ስድራቤት መዋቲት፡ ኮ/ል ስቡሓት መሓሪ ድማ፡ "ብሰንኪ'ቲ ዘጋጠመ ሃንደበታዊ ሞት ዘሰዓበ ሓደጋ ኣዚና ኢና ሓዚንና። ይኹን'ምበር፡ እቲ ፍጻመ ምስ ኣጋጠመ፡ ተኣኪብናን መኺርናን ኑቲ ጉዳይ ብዕርቅን ምሕረትን ክንዛዘሞ ምብቃዕና፡ ኣዝዩ ዘድንቕ'ዩ። ዕርቅን ምሕረትን ድማ ንሰብ መለለዪኡን ግርማኡን ስለ ዝኾነ እዚ ተወሲዱ ዘሎ ተግባር፡ ንኹሉ ኣብነት'ዩ። ምስኡ'ውን እዚ ዕርቅን ምሕረትን ዝገበሩ ወለዲ መዋቲት ህጻን ሰሰን ዝኾኑ ኣቶ ምሕረትኣብ ሃብተማርያምን ወ/ሮ ልቺያ ጸገን ስለቲ ሰብን ፈጣርን ዝፈትዎ ውሳነ ምውሳዶም፡ ብልቢ ኣመስግኖም" ኢሉ።

ኣቶ ሃይለ ተወልደብርሃን ከኣ፡ "ሰሰን ጓልና ብህጻንነታ ብኸምዚ ኣገባብ ካብ መንኛና ምፍላያ፡ ኣመና'ኳ ኣሕዚኑና እንተሎ፡ ኣምላኽ ዝሃሰቦ ግን ኣይምለሰን'ዩ። ሕጂ ከኣ መዋእል ኮነ ኢሉ ንሰሰን ክቐትል ኣይመጸን፥ ሰሰን'ውን ክትቕተል ኣይከደትን - ዘይትሰምር መዓልቲ'ያ ኣራኺባቶም። ኣብ መወዳእታ ግን እቲ ጉዳይ፡ ሰብን እዝዮን ብዘፈትዎ፡ ሕልናና ብዘቕስን፡ ብዘኹርዕ እምነትን ባህልን ዕርቂ ምፍጻሙ ዘሐብን'ዩ። ብወገኒ ዘጋጥሙ ናይ ሞት ሓደጋታት፡ ብኸምዚ ምዕሩግን ክብርን ኣገባብ ክፍርሑ እንክለዉ ድማ፡ ንረኣይን ሰማዕይን ዘሐጉስ ክቡር ባህልና ስለ ዝኾነ ክዕቀብ ዘለዎ'ዩ" ኢሉ።

ህጻን ሰሰን ተማሃሪት 3ይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ማይ ዋላኹ'ያ። ናይ ድሕሪ ቀትሪ ትምህርቲ ስለ ዝበረት ድማ፡ ንትምህርታ ክትከይድ፡ ዲሽዛኣ ቀይራን ማያ መለኣን ተዳልያ ምንባራ ወላዲታ ወ/ሮ ልችያ ጸገ ትሕብር። እንተ ኾነ ደኳን ተላኢኻ ጸርጊያ ክትሰግር ክትብል፡ ንሓዋሩ ካብ ወለዳን ሕብረተሰብን ተፈልያ። ኣብ'ቲ ናይ ዕርቂ ግዜ፡ ንወለዳ'ውን ብዛዕባ'ቲ ዝፈጸምዎ ዕርቂ ሓሰቦም ከተፍለና ተወከሰናዮም ነይርና። ወላዲኣ ኣቶ ምሕረትኣብ፡ "ሰሰን ጓልና፡ ኣዝያ ፈቃር፡ ለዋህን ምእዝዝትን ቆልዓ'ያ ነይራ። ብኹሉ ዘይትምኖን ተብቃዒትን'ያ ነይራ። ብኸምዚ ኣገባብ ካብና ምፍላያ ከኣ ከቢድ ሓዘን ተሰሚዑና። እንተ ኾነ ሓደጋ ወዘቢ'ዩ፤ ንሕና ከኣ ኑቲ ዘጋጠመና ሓዘን ተጻዊርና፡ ብፍቕርን ምሕረትን ክንዛዝሞ ወሲንና። ምሕረትን ዕርቅን ድማ ኣምላኽ ዝፈትዎ፡ መንግስቲ ዝፈትዎ፡ ሰማዒ ህዝቢ ድማ መግለጺ ክቡር ባህልናን እምነትናን ስለ ዝኾነ፡ ምሕረትን ዕርቅን መሪጽና ኣለና" ክብል ገሊጹ።

ወላዲት ሰሰን ወ/ሮ ልችያ ጸገ ብወገና፡ "ሰሰን ጓለይ፡ መግለጺ የብለይን፡ ቆልዓ ስድራ'ያ። ብወለዳ ጥራይ ዘይኮነ ብጎረቤታ ከይተረፈ ብቐቕትን ፍትውትን ቆልዓ'ያ ነይራ። ንጽርግያ'ውን ኣይትወርድን'ያ። ሽዓ መዓልቲ ግን ንትምህርታ ክትከይድ ዲሽዛኣ ቀይራን ማያ መለኣን ተቐሪባ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ደኳን ተላኢኻ ጸርጊያ ክትሰግር ክትብል ሓደጋ ኣጋጢሙዋ። መዋእል ከኣ ንዓኣ ክቐትል ኣይመጸን፥ ሰሰን ጓልና ክትቕተል ኣይከደትን፥ መዓልቲ ኣራኺባቶም። ሕጂ ከኣ ልክዕ'ዩ ብኹሉ ምጭውቲ ጓልና ጠፊኣትና'ያ፤ የግዳ ስድራቤት ወዲኣሞ ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ'ቲ ንሶም ዝበልዎ ዝውሰኾ ወይ ዝጐድሎ የብለይን።" ክትብል ገሊጻትልና።

ወ/ሮ ብርሃፍ ተስፋጋብር፡ ኣመሓዳሪት ምምሕዳር ከባቢ ገጀረት ብወገኖ፡ "እዚ ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት፡ መርኣያ ክቡር ባህሊናን እምነትናን ኮይኑ፡ ምሕረትን ፍቕሪን ካብ ኩሉ ነገር ዝዓቢ ምዃኑ ዘጸርዩ። በዚ ብስድራቤት ነፍ/ረት ህጻን ሰሰን ምሕረትኣብ ተፈጺሙ ዘሎ ንኣምላኽን ንሰብን ዘሐጉስ ሰናይ ተግባር ከኣ፡ ከርዓትን ሕልናዊ ቅሳነትን ይስመዓና። ሰብ ኩይኑ ዘይብድል ስለዘየሎ፡ ንዝበደለካ ምሕረት ምግባር ከኣ፡ መርኣያ ልቦናን ፍቕሪን ብምዃኑ፡ ዚ ክቡር ባህልና ክንዕቅቦ ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉን ኣዘኻኽርን። ከምኡ'ውን ንሰሰን ጓልና መንግስተ ሰማይ፡ ንዓና ድማ ጽንዓት ይሃበና" ክትብል ገሊጻ። ብዘይካ'ዚ ብወገን ስድራቤት መዋቲት፡ መምህር ወርሸ ኪዳኑ፡ ኣቶ ሃብተማርያም ተስፋሃንስ፡ ኣቶ ተስፋልደት ሃብተሚካኤል፡ ኣቶ ነጋ ገብረሚካኤል፡ ኣቶ ተስፋልደት ኣብርሃን ወ/ሮ ጉት ጸገን እውን ኑቲ ዕርቂ ዝድግፍን ንስድራቤት መዋቲት ዘጸናንዕን ቃላት ኣሰሚዖም።

ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ መዋእል ዓንደም ድማ ንዝተገበረሉ ምሕረት ከምዚ ክብል ገሊጹልና - "ኣምላኽ ኣብዚም ጥዑማት ገዛ ስለዘውደቐኒ ኣዝዩ'የ ዘመስግን። ናይ ብሓቂ ሕያዎትን ጥዑማትን ገዛ፡ ካብታ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ ብበሩህ ገጽ'ዮም ተቐቢሎምና። ብሩኻትን ደቂ ኣምላኽን ስለዝኾኑ፡ ተመሊሶም ንዓይ ከጸናንዑ ዝገበርዎ ምቕሉልነትን ምጽንናዕን ንኽብረቶምን ጭውነቶምን እዩ ኣርእዩ። ሕጂ ከኣ ስለቲ ዝገበሩለይ ምሕረት፡ ሓጎሰይ መግለጺ የብሉን። ተጻዊኑኒ ዝበረ ጭንቀትን ሓሳባትን ንእሉቱ ካብይ ተቐንጢጡ ተኣልዩለይ ኣሎ'ሞ፡ ኢደይ ካብ ኣምላኽ ይርከቦ" ኢሉ።

ኣብ መወዳእታ ቀሺ ተስፋይ ሃይለ፡ ኑቲ ናይ ዕርቂ መደብ ብኸምዚ ዝስዕብ ናይ ምስጋና ቃል'ዮም ዛዚሞምዎ - "እዚ ብዓይኒ ፍቕሪን ምሕረትን ጠሚትኩም ሂብኩምዎ ዘለኹም ዕርቅን ምሕረትን፡ ሰብን እዝዮን ዝፈትዎ መግለጺ ክብረትኩም'ዩ። ሓዳግ ሰብ ኩሉ ግዜ ክቡር'ዩ። ወሲድኩምዎ ዘለኹም ንታሪኽናን ባህልናን ዘደንፍዕን ንገር ምሉእ ኣቡትን ስለዝኾኑ ከኣ፡ ንእዮብ ዝደበሰ ኣምላኽ ይደብስኩም። መተካእታ ሰሰን ድማ ወላድ ይሃብኩም" ኢሎም።


ህጻን ሰሰን ምሕረትኣብ (መዋቲት)


ስድራቤት መዋቲት



ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ

# ካብ መጻሕፍቲ

## ዘርኣይ ደረስ

ተስፋዬ ገብረኣብ

ምንጪ፥ መጽሓፍ 'ደማዊ ዘመን'



ዘርኣይ ደረስ

ኤርትራውያን ንዘርኣይ ደረስ ዘለዎም ስምዒት ዝሕሉ'ዩ ዝመስል። ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዝርከብ መቓብር ዘርኣይ ደረስ እውን ማስሕብ ቱሪስት ኮይኑ ከገልግል ኣይከኣለን። ታሪኽ ዘርኣይ ደረስ ኣብ እዋን ገድሊ ንናጽነት ከም ትእምርቲ ጅግንነትን ኣብነት ባህጊ ነጻነት ኤርትራውያንን ኮይኑ ኣየገልገለን። መንእሰያት ኤርትራ፥ ብዛዕባ'ቲ ዘርኣይ ደረስ ኣብ ሮማ ዝፈጸሞ ቅያ፡ መንቀሊኡ እንታይ ከም ዝነበሮ ብትኽክል ኣይፈልጥዎን እዮም።

ዘርኣይ ደረስ፥ ብኣንጻሩ ኣብ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ውሩይ እዩ። ሎሬት ጺጋዬ ገብረመድህንን ይልማ ማናዬን ዝተባህሉ ጸሓፍቲ ድራማ፥ ንታሪኽ ዘርኣይ ደረስ ብመልክዕ ተዋስኦ ኣዳልዮም ኣብ መድረኽ ኣቕሪቦሞ። ኣብ ኣዲስኣበባ ቤት-ትምህርቲ፥ ጎዳናን ክፍለ-ጦርን ብስሙ ተሰይሞም። በዚ ከኣ ጅግንነታዊ መንፈስ ዘርኣይ ደረስ፥ ንኢትዮጵያውያን ወለዶታት ኣብነት ኮይኑ ኣገልጊሉዎም። ገጠምቲ ንጅግንነቱ እናልዓሉ ወዲሶሞ። ደምጻውያን ኣዚሞምሉ። ብዙሓት ደረስቲ'ውን መጻሓፍቲ ደሪሶም ኣሕቲሞምሉ። ዋላ'ኳ፥ እቲ ብዛዕባ ዘርኣይ ደረስ ዝዝንቶ ዝነበረ ዛንታ ዝተጋነነ ልቢ-ወለድ ዝሓወሰን እንተነበረ፥ ንዘርኣይ ደረስ ግን ዘንእሶ እምበር ዝጠዘሓ ኣይነበረን።

ዘርኣይ ደረስ ኣብ ሮማ ዝፈጸሞ ጅግንነታዊ ፍጻመ፥ ንኹሎም ጸለምቲ ዓሌት ኣብነት ጅግንነት ኮይኑ ከገልግል ምተገብአ። ኢትዮጵያውያን እምበኣር ከም ኣፍሪቃውያን መጠን ንዘርኣይ ደረስ ከም ምልክት ጅግንነትን ሓርበኛነትን ገይሮም ምጥቃሶም ግቡእ እዩ። ታሪኽ ኤርትራውያን፥ ኣብርሃ ደቦጭ፥ መገስ ኣስገዶም፥ ጀነራል ኣማን-ሚካኤል ዓንዶምን ሌቴና ኮሎኔል በላይ ሃብተኣብን እውን ኣብ ኢትዮጵያ ከም ምልክት ጅግንነትን ሓርበኛነትን ኮይኑ ይዝከር ኣሎ። ቅያ ናይቲ "ጎሞራ!" ብዝብል ሳጓኡ ዝጽዋዕ ዝነበረ ዘርኣይ ደረስ ግና፥ ዝያዳ ኩሉቶም ክትረኽ ጸኒሑ ኣሎ። "ኣብ ኤርትራ ታሪኽ ዘርኣይ ደረስ ስለምንታይ እዩ ብዙሕ ዘይተወረየ?" ንዝብል ሕቶ፥ "ልቢ-ወለድ ዝሓወሰ ድርሰት ጸሓፍቲ ኢትዮጵያ፥ ንጅግንነታዊ ቅያ ዘርኣይ ደረስ ስለዝበረዞ፥ ኤርትራውያን ድማ ግዳእ ታሪኽም ሓንሳብ ብኢትዮጵያውያን ምስ ተመንጠለ ብዙሕ ኣይተገደስሉን" ዝብል ሓጺርን ቀሊልን መልሲ ክወሃብ ይኽእል እዩ።

እዚ መልሲ'ዚ ግን እኹልን ግቡእን ምላሽ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሓቀኛ ታሪኽ ዘርኣይ ደረስ ከም ዝለዎ ልቢ-ወለድ ከይሓወስካ ክጽሓፍ ዝከኣል ናይ ቀረባ እዋን ፍጻመ እዩ - ምንጪታት ዘይትረኽበሉ ጥንታዊ ታሪኽ ኣይኮነን። በዚ ድማ እየ ብወገነይ ሰነዳት ፈታቲሸ፥ ንስድራቤት ዘርኣይ ደረስ ረኺበ፥ ሓቀኛ ታሪኹ ክጽሕፍ ተበጊሰ ዝወሰድኩ። ሓቀኛ ታሪኹ ብሓጺር ኣዘናትየ እንሆ፥

***

ወላዲ ዘርኣይ ደረስ ብስራሕ ኣብ ዓዲ-ሐደስ ኣውራጃ ሰራየ ተመደቡ'ሞ፥ ሓዳርም ሐዚም ናብታ ዓዲ ከዱ። በዚ ድማ ዘርኣይ ብ1916 ኣብ ዓዲ- ሐደስ ተወልደ። ወድን ጓልን ክልተ ኣሕዋት እውን ነበሩዎ። ኣይደንገዩን ኣቦኡ ቀልጢፎም ስለ ዝዓረፉ፥ ኣዲኦም ደቃን ጠርኒፈን ናብ ዓደን ሃዘጋ ተመልሳ። ኣብቲ እዋን'ቲ ዘርኣይ ወዲ ክልተ ዓመት ህጻን ነበረ። በዚ ከኣ፥ ሃዘጋ ዝኾነርታት ቁልዕነትን ኩትትናን ዘርኣይ ኮነት። ሃዘጋ ካብ ኣስመራ ንሸነኽ ምዕራብ 17 ኪ.ሜ. ተፈንቲታ እትርከብ ብዝተፈላለየ ጥንታዊ ታሪኻ እትጥቀስ ዓዲ እያ። ስድራቤት ደረስ፥ ካብ ዓሌት ራእሲ ወልደሚካኤል ሰለሞን እዮም ነይሮም። ጣልያን ድማ፥ መጀመርያ ንደቂ መሳፍንቲ ዕድል ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ይህብ ስለዝነበረ፥ ዘርኣይ፥ ትምህርቲ ክኣትወሉ ዝኽእል ዕድመ ምስበጽሐ፥ ምስ ተስፋጼን ደረስ ዝተባህለ ዓቢ ሓወ ብምኻን ናብ ኣስመራ ከይዱ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ቪክቶርያ ኣማኑኤል 3ይ ፊደል ቆጸረ። ሽዑ ዝወሃብ ዝነበረ ትምህርቲ ሃይማኖት ዝሓወሰ ስለዝነበረ፥ ዘርኣይ፥ በቲ ዝወሃቦ ዝነበረ ትምህርቲ ሃይማኖት ተጸልዩ እምነቱ ካብ ኦርቶዶክስ ናብ ካቶሊክ ቀየረ።

ዘርኣይ፥ ኣብ እዋን ቁልዕነቱ ብባህርኡ ሰቓ በሃሊ እዩ ዝነበረ። ኣብ ትምህርትን ምልከት ቋንቋን ንፉዕ ከም ዝነበረን ዝያዳ ግና፥ ናብ ሃይማኖት ይዝምበል ምንባሩን መምህራኑ ይዝክሩ። ብ1932 ኣብ 17 ዕድመኡ፥ ኮይኑ ኣብቲ እዋን'ቲ ብኢጣልያውያን ንደቀባት ኤርትራውያን ዝፍቀድ ዝነበረ ደረት ዝደረጃኡ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዛዘሞ። ዘርኣይ ኣስመራ ምስ ኣተወ ኮይኑ ሽዑ መንግስቲ ጣልያን ዝኽተሎ ዝነበረ ዓሌታዊ ፍልልያት ከም ኩሉ ኤርትራዊ ክግንዘቦ ግዜ ኣይወሰደሉን። ኣብ ዘመነ መግዛእቲ ጣልያን፥ ኣብ ኣውቶቡስ፥ ጸዓዱን ጸለምትን ዝቕመጥሉ ቦታ ዝተፈላለየ ኮይኑ ብመጋረጃ ተሸፊኑ ሓድሕድ ዘዩረኣኣ ነበረ። ኣብ ኣብያተ መስተ ሓደ ዓይነት ክፍሊት እናኸፈሉ፥ ጻዕዳ ኣብ ወሽጢ ባር፥ ጸለም ኣብ ገበላ ኮይኖም ይእንገዱ። ንኣብነት ክልቲኦም ሻሂ እንተ ኣዘዙም፥ እቲ ጻዕዳ ብብርጭቆ ክወሃቦ ከሎ፥ እቲ ጸለም ከኣ፥ ብዝኽሊ ጣሳ ገይሮም ይህብዎ ነበሩ።

ዘርኣይ፥ ትምህርቲ ሃይማኖት ክመሃር ከሎ፥ "ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኩሉ ሰብ ማዕረ እዩ።" እናተባህለ'ዩ ዝሰምዕ ነይሩ። ስለዚ ኣብ ዓዲ-ወግሪ ተመሃራይ መንፈሳዊ ትምህርቲ ማሕበር ካፑቺኖ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፥ ነዚ ሓሳብ'ዚ ኣልዒሉ ምስ መምህሩ ተኻቲዑ። በዚ ኣመለኻኽታኡ'ዚ ከኣ ክሲ ተመስሪትዎ ነይሩ። ጣልያን ካብዚ ተበጊሶም ይስልይዎ ከም ዝነበሩ እውን ሓበሬታ ኣሎ። እቲ ኣብ ዓዲ-ወግሪ ካህን ማሕበር ካፑቺኖ ክኸውን ኢሉ ዝመሃሮ ዝነበረ መንፈሳዊ ትምህርቱ፥ ብሰንኪ'ቲ ዝሓዞ ዝነበረ ሕቶታትን ፖለቲካዊ ዝንባሌኡን'ዩ ጠንጢኑዎ ዝብሉ ኣለው። ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ጣልያን ምስ ወደቐት፥ ዘርኣይ ብ1935 ብሞያ ምምህርና ተመደበ ኣብ ኮሮም ትግራይ መምህር ኮይኑ ኣገልገለ። ሓደ ዓመት ኣብ ኮሮም ምስ መሃረ ስራሕ ምምህርና ገዲፉ ናብ ዓዱ ብምኻድ ምስ ኣዲኡ ተቐመጠ። ብጾቕጢ ኣዲኡ ከኣ፥ ብ1936 ኣለማሸ ዝተባህለት ጓል ሰኪይቲ ተመርዓወ እሞ፥ ወላዲቱ ኣብ ዓዱ ሃዘጋ ሓጺነኦም። ኣብቲ እዋን'ቲ ዘርኣይ ስራሕ ስለ ዘይነበሮ ካብ ሃዘጋ ናብ ኣስመራ ብብሽክሌታ እናተመላለሰ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ይውዕል ነበረ።

ዘርኣይ ኣብቲ እዋን'ቲ፥ ናይቲ ኣባ ጉብረእየሱስ ሃይሉ ላዕለዋይ ሓላፊኡ ኮይኖም ዝጽልሉዎ ዝነበሩ "ጉብረሌላውያን" ዝተሰመየ ማሕበር ፕረዚደንት ኮይኑ ተመርጸ። እዚ ማሕበር'ዚ፥ ፖለቲካዊ ዕላማ ኣለዎ ክበሃል ዝኽኣሉ፥ ዝያዳ ኣብታ "ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኩሉ ሰብ ማዕረ እዩ።" እትብል ጥቕሲ ኣተኲሩ ይሰብኽ ስለዝነበረ እዩ። ዘርኣይ ፕረዚደንት ማሕበር ጉብረሌላውያን ኮይኑ ተመሪጹ ንቑሩብ ኣዋርሕ ምስ ኣገልገለ ካብ መግዛእታዊ ምምሕዳር ጣልያን ኣብ ኣስመራ ጸውዒት ስራሕ ቀረበሉ። ሽዑ ኣመሓዳሪ ኤርትራ ዝነበረ ዳዎዲያቺ፥ ንዘርኣይ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ጸዊዑ፥ "ጽቡቕ ገይርካ ትመልኦም ቋንቋታት ንገረኒ?" ኢሉ ሓተቶ።

ዘርኣይ፥ "ትግርኛ፡ ኣምሓርኛ፡ ዓረብን ጣልያንን።" ከም ዝመልሰ ነገሮ።

ዳዎዲያቺ፥ "ቋንቋታት ኦሮሞ፡ ኣገው ወይ ሶማል'ከ ኣይትዛረብን?"

ዘርኣይ፥ "ኣይክእልን እየ።" በሎ።

"ደሓን ግርም። ኣብ ሮማ ኣብ ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ግዙኣት ሃገራት ኢጣልያ፡ ኣስተርጓሚ ኴንካ ክትሰርሕ ኢኻ። መደብ ስራሕካ ካብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ናብ ቋንቋ ጣልያን ምትርጓም እዩ።" ብምባል መደብ ስርሑ ገለጸሉ። ዘርኣይ፥ ኣብቲ እዋን'ቲ ብዓል ሓዳር ግን ከኣ ስራሕ ኣልቦ ስለዝነበረ ኮይኑ ዕድል'ቲ ሓንገፋይ ኢሉ ከም ዝተቐበሎ ክግመት ይከኣል። ዘርኣይ፥ ድሕሪ ሓደት ሰሙንታት ናብ ሮማ ተጓዒዙ ኣብ ቦታ ስርሑ ተረኽበ፥ ኣብቲ ዝሰርሓሉ ሰሙናት ከኣ፥ ኑቶም ካብ ሃጸይ-ሃይለስላሴ ኩዲኖም ምስ ጣልያን ዝወገኑ ኢትዮጵያውያን ደገዝማቲ ረኺቡ ብቋንቋ ኣምሓርኛ ቃለ-መሕትት እናካየደ፥ ኮይኑ ቀንዲ ፍረ-ሓሳቦም ጸሚቑ ኣብ ወረቐት ብምስፋር ንመንግስቲ መሶሊኒ ዘቕርቦ ዕለታዊ ስርሑ ኮነ። ገለ ካብቲ ሽዑ ኑቶም ኢትዮጵያውያን ደገዝማቲ ዘካየደሎም ቃለመሕትት እንሆ፥-

ዘርኣይ ደረስ፥ "ንምንታይ ኢትዮጵያ ከመይ ኣሎ?"

ደግያት ገሰሰ፥ "ሎሚ ሃገርና ከምቲ ዝተሰለመት እያ መሲላ ዘላ። ህዝብና'ውን እንተኾነ ንመግዛእቲ ጣልያን ብሓጎስ እዩ ተቐቢሉዎ ዘሎ። መሬትና ጺጋ ለቢሳ ኣላ።"

ዘርኣይ ደረስ፥ "ሸፋቱ ብቐዲ ኩናት ደባይ ይዋግኡ ከምዘለዉ ወረ ኣለና።"

ደግያት ገሰሰ፥ "እወ ገለ-ገለ ሸፋቱ ሓሓሊፎም ኣብ ፈቐዶ በረኻታትን ስንጭሮታትን ተሸጊጦም ከምዘለዉ ሓቂ እዩ። እንተኾነ ግና፥ ንሳቶም'ውን ኣብ ሓጺር እዋን ብሰላም ኣእዳዎም ከምዝህቡ ርጉጽ እዩ።"

ዘርኣይ ደረስ፥ "ስምዒት ህዝቢ ኢትዮጵያ'ኸ ከመይ ኣሎ?"

ደግያት ገሰሰ፥ "ንሕና ብህዝቢ ስለዝተመረጽና ወከልቲ ህዝቢ ኢና። ንመጻኢ ናብራናን ንሃገርናን ዝሓይሽ ካብዚ ሓያል መንግስቲ ጣልያን'ዚ ዝወሃበና ሕግን ስርዓትን መምርሒ ምሕደራን ተቐቢልና፥ ብቕንዕና እናገልገልና ተኣማንነትና ከነማስክር ኢና።"

ዘርኣይ ደረስ፥ "ኣብ ሮማ'ኸ ከመይ ትእንገዱ ኣለኹም?"


ደግያት ገሰሰ፥ "ዝጎደለና ነገር የለን። ንሮማ ካብ እንመጽእ ኣትሒዝና ብጽባቐ ጉደናታታን መናፈሻታታት ተመሲጥና። ብሓቂ! ጥበብ እግዚኣብሄር ዝሓለፎ እምበር፥ ብኣእምሮ ወዲ-ሰብ ዝተሃንጸ ኣይመስልን። ንሕና ንሃገርና ዘኸኦት ትኽን ነገር ከይሃጸጽናላ ዘመናት ጥቒኑ። እንሆ ሎሚ ግን ክብርሃልና ኢሉዎ መሬት ኩቡዲ-ኣድጊ ኮይና። ጥዑምግራስ ገዘሙ፥ "ሃገርና ሕማማ ግሒጣ ምስ ጸረየት፥ ከም ሮማ እትስልጥነሉ ዘመን ክመጽእ ጸሎትናን ትምኒትናን እዩ። ካልእ ጉዳይ ኣይንደልን ኢና።"

ደቂ ራእሲ መንገሻ፥ ካብቶም ብሽምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለጹ ኣጋውብ ኣብ ሮማ ንዘርኣይ ደረስ ቃለም ዝሃቡ እዮም። ዘርኣይ ደረስ፥ ኣብተን ኣብ ሮማ ዝሰርሓለን እዋናት፥ መንግስቲ መሶሊኒ ብምቕትን ክብርን ሐዚዎ ነበረ። ቋንቋን ባህሊ ጣልያንን እናተማሃረ ስለ ዝጸንሐ ንናብራ ከተማ ሮማ ቀልጢፉ'ዩ ተወሃሂዱዎ። ዋላ'ኳ ኣስተርጓሚ መሶሊኒ ኮይኑ ምግልጋሉ ክብሪ ኣጎናጺፉዎ እንተነበረ፥ ቀሩብ ርሕቕ ኢሉ እንተ ተዛዊሩ ግና፥ ከም ዝኾነ ካልእ ጸለም ብኣድልዎ ከም ዘስተናግድዎ ይግንዘቦ ነይሩ እዩ። ብፍላይ ድማ ፍልጡቱ ንኩብሰ ምትእምማኑን ድፍረቱን ኣብሪኹዎ ነበረ። ኣብቲ ንሓደ ዓመት ኣብ ከተማ ሮማ ዝጸንሓሉ እዋን፥ ኣድልዎ ኪጋጥሞ ከሎ፥ እምቢጋሮ የልዕል ከምዝነበረ ሓበሬታ ኣሎ። ኣብነት ምጥቃስ እንተ ተደልዩ፥ ብዝኽሊ ጣሳ ገይሮም ሻሂ ምስ ዝህብዎ፥ "ስለምንታይ ብብርጭቆ ዘይሃብኩምኒ!" እናበለ ይዛረቦም ነበረ። ከምዚ ኢሉ ተገሁ እናሰርሐ ከሎ ከኣ፥ ወያ ታሪኻዊት ዕለት ሀሩግ! በለት። ኣብታ ዕለት'ቲኣ ኣብ ኣደባባይ ሮማ ዝተገበረ ሓቂ እንሆ፥- ኮማንዳቶሬ እስኩንድሪ ዝተባህለ መኾንን ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ግዙኣት ሃገራት ኢጣልያ፥ ቀጥታ ሓላፊ ዘርኣይ ደረስ ኮይኑ የገልግል ነበረ።

ኮማንዳቶሬ እስኩንድሪ፥ ኣብቲ ጣልያን ንኢትዮጵያ ዝተቖጻጸረትሉ ፈለማ እዋናት፥ ንሽደሽተ ኣዋርሕ ኣመሓዳሪ ከተማ መቐለ ኮይኑ ኣገልጊሉ ነይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ፥ ደግያት በየነ ዝተባህሉ ሽመትን ሽልማትን ዝተመጽአ ትግራዋይ፥ ንኮማንዳቶሬ እስኩንድሪ "ራእሲ ኣሉላ ኣባነጋ" ዝብል ብፊደላት ግእዝ ዝተቐረጸ ጽሑፍ ዘለዎ ጕራደ "ህያብ" ኢሉ ኣበርኪቱሉ። ኮማንዳቶሬ እስኩንድሪ ነዛ ጕራዴ'ዚኣ፥ "ቅርሲ እያ" ኢሉ ስለዝሓሰበ ብሓለን ዋንኡ ነበረ። ንሮማ ምስ ተመለሰ ከኣ፥ ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ኣብ ትሕቲ ስእሊ ዱቼ መሶሊኒ ኣንጠልጠላ። ኮማንዳቶሬ እስኩንድሪ፥ ኣብ መንገ ብዝንደበታዊ ህጹጽ ስራሕ ናብ ወደብ ናፖሊ ከደ። ኣብታ ወደብ ምስኣተወ፥ "ብስራሕ ናብ ኣፍሪቃ ዝኸዱ ወተሃደራት ስለዘለዉ ንኣታቶም ከተፋኑ ዝይተወሰነ እዋን ኣብዚ ክትጸንሕ ኢኻ።" ዝብል ትእዛዝ ተወሃቦ።

ሽዑ ኮማንዳቶሬ እስኩንድሪ መልእኽቲ ቴሌግራም ሰዲዱ፥ ንዘርኣይ ደረስ "እታ ጕራደ ሰደደለይ።" በሎ። ኣብቲ እዋን'ቲ ከኣ ዘርኣይ ደረስ ስድራቤቱ ክርኢ ሓቲቱ ናብ ኣስመራ ከይዱ ክልተ ኣዋርሕ ከዕርፍ ተፈቒዱሉ ነበረ። ሓለፍቲ ናይቲ ቤት-ጽሕፈት፥ ዘርኣይ ደረስ ባዕሉ ነታ ጕራደ ወሲዱ ንኮማንዳቶሬ እስኩንድሪ ኣብ ኢዱ ከረክቦ ሓተቱዎ። ዘርኣይ፥ "ሕራይ።" በሎም። ዘርኣይ ጸለም ስለዝኾነ ነታ ጕራደ ሒዙዋ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክንቀሳቐስ ኣይክእልን ዝነበረ። ስለዚ ነታ ጕራደ ሒዙ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክንቀሳቐስ ዘኽእሎ ፍቓድ ወረቐት ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪኡ ሃቦ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ኣእምሮ ዘርኣይ ደረስ ዝኾነ ይኹን ካልእ ተጻራሪ ሓሳብ ክህሉ ከምዝይክእል እሙን እዩ።

ይቕጽል . . .




ኣስመራ 1930ታት

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2025 - ሎሚ ብናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ክጅምር እዩ

### ኤርትራ፡ ዓሚ ዘምጸኣቶ 16 መዳልያታት፡ ካብ ሕጂ ብእትዕወቶ እያ ክትደግሞ እትኽእል

ንመበል 19 ግዜኡ ዝቐርብ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ 2025፡ ሎሚ ሓሙስ ኩሉም ምድባት (ካታጎሪ) ብዘሳትፍዎ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ክፍለም እዩ።

ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ኣብዚ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ግዜኡ ኣብ ኬንያ ዝቐርብ ዘሎ ውድድር፡ 20 ተቐዳደምቲ ሒዛ ምኻዳ ይዝከር። ሎሚ ድማ፡ ኣብ ኩሉም ምድባት ተቐዳደምታ ኣካቲታ ኣላ።

ብመሰረት መርሃብ ሓበሬታ ፕሮ-ሳይክሊንግ ኣብ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱስን ኑርኣሕመድ ዓብደልወሃብን ተመሪጾም ኣለው።

ኤርትራ፡ ኣብዚ ደረጃ ዕድመን ውድድርን ዓቢ ታሪኽ ኣለዋ። ካብ 2010 ክሳብ 2013 ንኣርባዕተ ተኸታተልቲ ዓመታት፡ ብመገዲ ኦሎምፒካዊ ዳንኤል ተኽለሃይማኖት ሻምፕዮን ኮይና እያ። ብተኸታታሊ ኣብ 2017 ከምኡ'ውን 2018 ድማ፡ ብመገዲ ሜሮን ተሸመን መኽሰብ ደብሳይን ሓሙሻይን ሻዱሻይን ዓወታት ኣስተማቒራ።

ይኹን እምበር፡ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት (ኣብ 2020 ኣይተኻየደን)፡ ወርቂ መዳልያ ኣየምጽኣትን። ኣብ 2019 ከምኡ'ውን 2021 ግና፡ ብመገዲ ሰራክ ተስፋምን ሄኖክ ምሉእብርሃንን ብሩር መዳልያ፡ ኣብ 2023 ከኣ ኑሓስ መዳልያ ብመገዲ ሄኖክ ኣመጺኣ እያ። ሎሚ ዓመት፡ ንሻውዓይ ግዜኣ ክትዕወት ድማ ትጽቢት ይግበረላ።

ኣብ ዓበይቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ብርኽቲ ፍስሃየን ኣድያም ዳዊትን ክወዳደራ እየን። ኣድያም፡ ዓሚ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት፡ ንጓል ሃገራ ሱዛና ፍስሃየ ተኸቲላ ብሩር መዳልያ ኣንጠልጢላ ምንባራ ይዝከር።

እዞም ዓበይቲ ናይ ክልቲኡ ጾታ፡ 28 ኪሎሜትር ክሸፍኑ እዮም።

ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት፡ ሄብሮን ብርሃነ መዋእል ግርማይን ንመውዳእታ ግዜ መርሃዊ ቅዱስ ኣብ 2015 ዝዘምጽኣ ወርቂ መዳልያ ንምምላስ ተዳልየም ኣለው። ሄብሮን ዓሚ ኣብዚ ዕድመ ራብዓይ ደረጃ ሒዙ ነይሩ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሻምፕዮን ኤርትራ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር 2025 ዝኾነት ሞናሊዛ ኣርኣያ፡ ሳልሰይቲ ምስ ዝወጸት ሱዛና ፍስሃየ ክጻወታ እየን። ሱዛና፡ ክብራ ንምዕቃብ ሓያል ስራሕ ይጽበያ።

ኣብ ማእከሎት (ጁንየር) ክልቲኡ ጾታ፡ ኩሎም (ኣርባዕቲኦም) ተቐዳደምቲ ክወዳደሩ ምኳኖም - እቲ ምንጪ የረድእ። ናሆም ኤፍሬም፡ ኬቨን ተኽለማርያም፡ ናታን ተስፋኣለምን ኣኽሊሉ የማነን፡ ከምኡ'ውን ኣድያም ተስፋ፡ ርዚና ብርሃ፡ ኣርሴማ ዓንደጼንን ናርዶስ ጸጋይን ክወዳደሩ እዮም።

ኤርትራ፡ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብዚ ደረጃ ዕድመ ጽቡቕ ኣላ እያ። ኬቨን ሻምፕዮን ክኸውን እንከሎ፡ ናሆም ኑሓስ መዳልያ ኣንጠልጢሉ። ናርዶስ'ውን ናይ ዓሚ ክብራ ንምዕቃብ እያ ክትወዳደር።

ጽቡቕ ዕድል!



ዓሚ ቀዳማይን ሳልሳይን ዝወጹ ኬቨንን ናሆምን



ዓሚ ቀዳመይትን ካልኣይትን ዝወጻ ሱዛናን ኣድያምን

## ኣርሰናል፡ ምስ ናይ ማልያኣ መዋሊ . . .

መራሒት ፕሪመር ሊግ ዘላ ኣርሰናል፡ ድሕሪ ምውዳእ ወቕተ-ስፖርት 2025-26፡ ምስ 'ቪዚት ርዋንዳ' ዘለዋ ናይ ምወላ ስምምዕ ክዛዘም ምኻኑ ትማሊ ኣብ ዘውጽኣቶ መግለጺ ኣፍሊጣ።

እዚ 'ርዋንዳ ንብጻሕ (Visit Rwanda)' ዝብል ሕላገት፡ ብሽርክነት ክልቲኦን ወገናት ኣብ እጅገ ማልያ ኣርሰናል ክህሉ ኣብ 2018 ተሰማሚዐን። ኣርሰናል፡ ካብዚ ስምምዕ 10 ሚልዮን ፓውንድ (13.3 ሚልዮን ዶላር) ክትወስድ ዘኽእላ እዩ።

እንተኾነ፡ ብሰንኪ'ቲ ካብ ምጅማር እዚ ዓመት፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ዲሞክራቲክ ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ኣብ መንጎ መንግስቲ ርዋንዳ ከም እተሰጥቖም ዝግለጹ ተቓወምቲ መንግስቲን ዚገጠመ ኲናት፡ እዚ ናይ ምወላ ስምምዕ ህዝባዊ ቀላሕታ ክረክብ ጀሚሩ። ኮንጎ፡ ኣብ ለካቲት እዚ ዓመት'ውን ንኣርሰናል ከምኡ'ውን ብተመሳሳሊ በዚ ናይ ርዋንዳ ትካል ዝምወላ ፒኤስጂን ባየር ሙኒኽን ንዘኣተወኦ ስምምዕ ከቋርጻኦ ተማሕጺናተን ነይራ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ሚያዝያ፡ ኣርሰናል ኣብ ሜዳኣ ንፒኤስጂ ዓዲማ ቀዳማይ እግሪ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣብ ዘቕረበትሉ፡ 'ኣርሰናል ንሰላም' ዝብሉ ደገፍቲ፡ ኣብ ጉዳም ስታድዮም ኮይኖም፡ እዚ ሕላገት ካብ ማልያኣ ክተውርዶ ተቓውሞኦም ኣስሚዖም ነይሮም።

ብመንጽሩ፡ ኣብቲ ወርሒ፡ ፒኤስጂ ዘብሩ ናይ ምወላ ስምምዑ ክሳብ 2028 ኣናዊሑዎ። እስጳኛዊት ክለብ ኣትለቲኮ ማድሪድ ድማ፡ ሓዲሽ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ብምፍራም፡ እቲ ሕላገት ኣብ ማልያ ናይ ክልተኡ ጾታ ጋንታኣ ክህሉ ተሰማሚዓ።

ይኹን እምበር፡ ኣርሰናል ትማሊ ኣብ ዘውጽኣቶ መግለጺ፡ ዝኾነ ውዕል ምስ ምምዛም እዚ ወቕቲ ከቋርጽዎ፡ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ከም ዝዘውሰኑ ኣፍሊጣ።

## ኩራሳኦ፡ ዝንኣሰት ሃገር ተሳታፊት ዋንጫ ዓለም ኮይና

ካሪብያናዊት ሃገር ኩራሳኦ፡ ኣብ ታሪኽ ዋንጫ ዓለም ዝንኣሰት ዝሓለፈት ኮይና - ረቡዕ ወጋሕታ ኣንጻር ጃማይካ ማዕረ ድሕሪ ምውጻኣ።

ሓንቲ ካብ ኣባላት ኮንፈደረሽን ሰሜንን ማእከላይን ኣመሪካ ከምኡ'ውን ሃገራት ካሪብያን (ኮንካካፍ) ዝኾነት ኩራሳኦ፡ ካብ ሽዱሽተ ግጥማት ምድባ 12 ነጥቢ ኣኪባ እያ፡ ቀዳመይቲ ኮይና ሓሊፋ ዘላ።

እዛ ኣብ ትሕቲ ንጉስነት ነዘርላንድ እትመሓደር ደሴታዊት ሃገር፡ ስፍሓታ 444 ትርብዒት ኪሎሜተር እዩ። ብዝሒ ዝህባ ድማ፡ 156 ሽሕ ህዝቢ ጥራይ እዩ።

በዚ ድማ፡ ኣብ ታሪኽ እዚ ኣብ 1930 ዝጀመረ ግዙፍ ዓለምለኻዊ ውድድር፡ እታ ዝንኣሰት ሃገር ዝሰበረት ኮይና ኣላ። ኣቐዲሙ፡ ልዕሊ 350 ሽሕ ህዝቢ ዘለዋ ኣይስላንድ፡ ሩስያ ኣብ ዘኣንገደቶ ናይ 2018 ዋንጫ ዓለም ብምሕላፍ፡ ክብረ-ወሰን ሒዛ ጸኒሓ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኩራሳኦ፡ ቅድሚ ሓደ ዕቝድ፡ ኣብ መሳልል ሃገራት ዓለም (ፊፋ ዝሰርዖ ደረጃ ሃገራት)፡ መበል 150 እያ ነይራ። ኣብዚ እዋን ግና፡ ናብ 82 ሓኺራ ኣላ። ዓይነት እምበር ብዝሒ ህዝቢ ኣብ ስፖርት ኣገዳሲ ከምዘይኮነ ዘርኢ ድማ እዩ።



## ሚላታኦ፡ ንክልተ ሳምንቲ ካብ ጸወታ ክእለ'ዩ

ሪያል ማድሪድ፡ ወሳኒ ተኸላኻሊኣ ኤደር ሚሊታኦ ድሕሪ'ቲ ሰሉስ ምሸት ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ እንተውሓደ ንክልተ ሳምንቲ ካብ ጸወታ ከምዝርሕቕ ኣፍሊጣ።

ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ዘሎ ሚሊታኦ፡ ንሃገሩ ብራዚል ወኪሉ ኣንጻር ቱኒዝያ እናተጻወተ እዩ መጉዳእቲ ገጢምዎ።

ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመተ-ስፖርት ብሰንኪ መጉዳእቲ ኣዝዩ ብዙሕ ግጥማት ዝኸሰረ ሚሊታኦ፡ ኣብዚ ወሳኒ መድረኽ ንጋንታኡ ደፍሊያ ብምህላው፡ ንማስመር ምክልኻል ሃጓፍ ከይፈጥረሉ ይሰጋእ።

መራሒት ላ'ሊጋ ዘላ ማድሪድ፡ ሰንበት ምስ ኢልቸ ናይ ሊግ ግጥም ድሕሪ ምክያዳ ረቡዕ ንኦሎምፒያኮስ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትገጥማ እያ።

## ባርሴሎና፡ ናብ ናይ ቅድም ስታድዮማ ተመሊሳ

ባርሴሎና፡ ቀዳም 22 ሕዳር፡ ኣብ ሜዳኣ ምስ ኣትለቲኮ በልባኦ እተካይዶ ናይ ላ'ሊጋ ግጥም፡ ኣብ'ቲ ከተዐርዮ ዝጸንሐት ስታድዮማ 'ስፖቲፋይ ካምፕ ኖ' ክተሰላስሎ ምኳና ኣፍሊጣ።

እዛ ጋንታ፡ ካብ ክረምቲ 2023 ጀሚራ፡ ንዝሓለፉ ልዕሊ ክልተ ዓመታት እዚ ስታድዮም ኣዝዩ ዘመናዊ ንምግባር ከተዐርዮ እያ ጸኒሓ። ክሕዞ ዝኽእል ብዝሒ ተዓዘብቲ ድማ፡ ናብ 105 ሽሕ ክበልግ ከምዝዘለ ይግለጽ።

ይኹን እምበር፡ ኣብቲ ናይ ቀዳም ንኣትለቲኮ በልባኦ ዓዲማ እተካይዶ ጸወታ፡ 45,401 ተዓዘብቲ ጥራይ እዮም ክኣትዉዎ - ዛጊት እቲ ናይ ምሕዳስ መስርሕ ስለዘይተፈጸመ።

ብዘይካ'ዚ፡ ባርሳ፡ ዝመጽእ 9 ሕዳር ኣብ ሻዱሻይ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታኡ፡ ኣብዚ ሜዳ ንኢንትራኽ ፍራንክፈርት ዓዲማ ክትጻወት እያ።

እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ ዝሓለፉ ጸምዲ ዓመታት፡ ኣብ ግዜያዊ ስታድዮም ኦሎምፒክ ልዊስ እያ ክትጻወት ጸኒሓ።

## ጀሚስ፡ ክብረ-ወሰን ኤን.ቢ.ኤ ሒዙ

ህቡብ ተጻዋታይ ከዕሶ ሰኪዔት - ሌብሮን ጀሚስ ኣብ ኤን.ቢ.ኤ (NBA) ን23 ተኸታታሊ ወቕትታት ዝተጻወተ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ብምዃኑ ክብረ-ወሰን ሒዙ።

ኣብ 2003 ጀሚሩ ኣብዚ ኣብ ኣመሪካ ዝቐርብ ስሙይ ውድድር ዝጻወት ዘሎ - ጀሚስ፡ ን14 ቀዳሞት ግጥማት ናይ'ዚ ሓዲሽ ወቕቲ ብሰንኪ ኣብ የማነይቲ እግሩ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ኣይተጻወተን።

ኣብቲ ሰሉስ ናብ ስሩዕ ውድድር እዚ ወቕቲ ዝተመልሰሉ ጸወታ ድማ፡ ጋንታኡ ሎስ ኣንጀለስ ሌከርስ ንኡታህ ጃዝ 140 ብ 126 ክትስዕር፡ 11 ነጥብን 12 ቀረብን ኣበርኪቱ። ብዓብኡ ከኣ ነቲ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ቪንሰትን ካርተር ሒዝዎ ዝጸንሐ ናይ 22 ተኸታታሊ ዓመተ-ውድድር፡ ናይ ብሕቱ ገይሩዎ።

ካብቲ ፈለማ ዝጀመረሉ ኣብ ስሩዕ ውድድር 42,195 ነጥቢ ዘመዝገበ ወዲ 40 ዓመት ጀሚስ፡ ኣብ ታሪኽ ናይ'ዚ ውድድር፡ "ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ" ምዃኑ ይሕበር።





## እስጳኛ፡ ምስ ኢጣልያ ተመዓራርያ

ሰሉስ ምሸት ምስ ቱርኪ 2-ብ2 ድሕሪ ምፍልላያ ናብ ዋንጫ ዓለም 2026 ብቐጥታ ዝሓለፈት እስጳኛ፡ ኢጣልያ ሒዛቶ ንዝጸንሐት ክብረ-ወሰን ተመዓራርያቶ።

ኢጣልያ፡ ካብ 2018 ክሳብ 2021 ኣብ 31 ግጥማት ከይተሳዕረት ብምጉዓዝ ኣብ ኤውሮጳ ዝለዓለ ናይ ዘይተሰዓርነት ጉዕዞ ሰሪዳ ነይራ። እስጳኛ ከኣ ካብ 2023 ክሳብ'ዚ ማዕረ ዝወጽኣትሉ ናይ ሰሉስ ምሸት ጸወታ ከይተሳዕረት ብምጉዓዛ እያ፡ ተመዓራርያታ ዘላ።

እስጳኛ፡ ንመውዳእታ ግዜ ኣብ መጋቢት 2023 ብስኮትላንድ ኣብ መጻረዪ ጸወታ ዋንጫ ኤውሮጳ 2-ብ0 ምስ ተሳዕረት፡ ዛጊት ስዕረት ኣይቀመሰትን። ካብዚ 31 ግጥማት፡ ኣብ 25 ተዓዊታ፡ ኣብ ሽዱሽተ ማዕረ ተፈላልያ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካ፡ ብሓገዝ ሩስያ ሓዲሽ እማመ ሰላም ትነድፍ ኣላ ተባሂሉ

ኣመሪካ፡ ግጭት ዩክሬን - ሩስያ ደው ንምባል፡ ብሕቡእ ሓዲሽ እማመ ሰላም ትነድፍ ከም ዘላ 'ኣክሲየስ' ዝተባህለት ማዕከን ዜና ናይ'ታ ሃገር ሓቢራ።

እቲ ኻ ኣብ ማእከል ዝርከብ ኣበርክቶ ሞስኮ ከም ዘለዎ ዝተገልጸ ሓድሽ እማመ፡ ናብ ዩክሬንን ምስ ዩክሬን ናብ ዝደናገጻ ሃገራት ኤውሮጳን እውን ተላኢኹ ከም ዘሎ፡ እታ ማዕከን ዜና ወሲኻ ገሊጻ።

ብመሰረት ሓበሬታ እታ ማዕከን ዜና፡ እቲ 28 ነጥብታት ዝሓዘ እማመ ሰላም፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ኑሓሰ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲንን ኣብ ኣላስካ ዘካየድዎ ዝርርብን ዝበጹሕዎ ምርድዳእን ኣተኩሩ እዩ ተነዲፉ ዘሎ።



ላዕለዋይ ተዛታዊ ፌደረሽን ሩስያ ኪሪል ዲሚትሪየቭ ንማዕከን ዜና 'ኣክሲየስ' ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ናብ ኣመሪካ ኣብ ዘካየዶ ዑደት፡ ምስ ፍሉይ ልኡኽ ፕረዚደንት ትራምፕ - ስቲቭ ዊትኮፍ ኮይኑ ነቲ ሓድሽ ሓሳብ እማመ ሰላም ንኽለስት መዓልታት ከም ዝዘተዩ ኣረጋጊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ እቲ ብኣመሪካ ዝነደፍ ዘሎ እማመ፡ "ንመርገጺ ሩስያ ኣብ ግምት ዘእተወ ዝመስል ተስፋ ዘለዎ እማመ" ክብል ገሊጽዎ ኣሎ።

## ስዑዲ ዓረብ፡ 'ካብ ኔቶ ወጻኢ ዝዓበየት መሓዛ ኣመሪካ' ተባሂላ ተረቒሓ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ድሕሪ እቲ ወራሲ ዓራት ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ልኡል መሓመድ ቢን ሳልማን ዝሓለፈ ሰሉስ ናብ ዋሽንግተን ዲሲ ዘካየዶ ምብጻሕ፡ ንስዑዲ ዓረብ "ካብ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ወጻኢ ዝዓበየት መሓዛ ኣመሪካ" ክብል ረቒሒዋ።

ክልቲኦም መራሕቲ ሃገራት፡ ኣብ መሻጣ ኣጽዋር፡ ሲቪላዊ ንጽኩልየሳዊ ምትሕግጋዝ፡ ኣርቲፊሻላዊ ብልሒን ኣገደስቲ ማዕድናትን ኣመልኪቶም እውን ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሑ ተሓቢሩ።

ኣብቲ ኣብ ቤተ መንግስቲ ኣመሪካ ዝተኻየደ ናይ ድራር እንግዶት ድማ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ስዑዲ ዓረብ ካብ ኔቶ ወጻኢ ዝዓበየት መሓዛ ኣመሪካ ምዃና ብወግዒ ድሕሪ ምግላጹ፡ እቲ ውሳኔ ዋሽንግተን ምስታ ሃገር ዘለዋ ወተሃደራዊ ምትሕብባር ናብ ዝለዓለ ደረጃ ከም ዘዕብዮ ኣፍሊጡ።



ፕረዚደንት ትራምፕ ወሲኹ፡ ክልቲአን ሃገራት፡ 'ታሪኻዊ ስትራተጂያዊ ስምምዕ ምክልኻል' ከም ዝኸተማ'ውን ሓቢሩ ኣሎ።

ቤት ጽሕፈት ቤተ መንግስቲ ኣመሪካ ብወገኑ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣመሪካ 'ኤፍ-35' ዝዓይነተን ዝተራቐቓ ነፈርቲ ውግእ ንስዑዲ ዓረብ ክትሸጠላ ከም ዘፍቀደ፡ ኣብ ርእሲኡ ከኣ እታ ዓረባዊት ሃገር ካብ ኣመሪካ 300 ታንክታት ክትሸምት ከም ዝተሰማምዐትን ሓቢሩ።

## እስራኤል ኣብ ሊባኖስ መጥቃዕቲ ኣካይዳ

እስራኤል፡ ኣብ ጥቓ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ዝርከብ መዓስከር ስደተኛታት ፍልስጤማውያን ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ፡ ብውሑዱ 13 ሰባት ከም ዝተቐትሉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይ'ታ ሃገር ሓቢሩ።

ሰራዊት እስራኤል ከኣ፡ እቲ ኣብ ሊባኖስ ኣብ ዝርከብ ዝዓበየ መዓስከር ስደተኛታት ፍልስጤማውያን ዘካየዶ መጥቃዕቲ፡ ነቶም ኣብኡ ኮይኖም ኣብ ልዕሊ እስራኤል መጥቃዕቲ ዝወጥኑን ዘካይዱን ኣባላት ሓማስ ዒላማ ዝገበረ ምንባሩ ገሊጹ።

ሓማስ ብወገኑ፡ ኣብቲ መጥቃዕቲ ዝተኻየደሉ መዓስከር ስደተኛታት ዝኾነ ወተሃደራዊ መሓውር ከም ዘይብሉ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንመግለጺ እስራኤል 'ሓሶት' ክብል ነጺግዎ።

ዘይምቅዳው እስራኤልን ሕዝቡላህን፡ እቲ ሊባኖሳዊ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ዝካየድ ዘሎ ደማዊ ኩናት ንምቅዋም ናብ እስራኤል ሮኬታት ድሕሪ ምውንጫፉ፡ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ከም ዝበጽሐ እዩም ምንጭታት ዝሕብሩ።

ከም ሳዕቤን ናይዚ ከኣ፡ እስራኤልን ሕዝቡላህን ን13 ኣዋርሕ ዝቐጸለ ኩናት ኣብ ዘካየዱሉ እዋን፡ ብወገን ሊባኖስ ኣስታት 4,000 ሰባት ክቕተሉን ልዕሊ 1.2 ሚልዮን ነበርቲ ድማ ክመዛበሉን እንከለው፡ ብወገን እስራኤል ከኣ 80 ወተሃደራት ዝርከብዎም ከባቢ 130 ሰባት ከም ዝተቐትሉ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ቻይና፡ ካብ ጃፓን ከተእትዎ ዝጸንሐት ምግቢ ባሕሪ ደጊማ ደው ኣቢላቶ

ኣብ መንጎ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ጃፓንን ዘሎ ዲፕሎማሲያዊ ዘይምቅዳው ኣብ ዝኸረሉ ዘሎ እዋን፡ ቻይና ካብ ጃፓን ከተእትዎ ዝጸንሐት ኩሉ ዓይነት ምግቢ ባሕሪ ደጊማ ከም እተቋርጾ ትማሊ ረቡዕ ኣፍሊጣ።

እቲ ኣብ መንጎ እተን ብቑጠባ ዝበልጻ ሃገራት ኤስያ ዲፕሎማሲያዊ ዘይምቅዳው ዝኸሰት ዘሎ፡ ሓዳስ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ጃፓን ሳናይ ታካይቺ፡ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣብ ልዕሊ'ታ ኣካል ዝኾነት ደሴት ታይዋን እተካይዶ መጥቃዕቲ ንህላወ ጃፓን ዝፈታተን ምስ ዝኸውን፡ ቶክዮ ወተሃደራዊ ምላሽ ክትህበሉ ከም እትኽእል ድሕሪ ምጥንቃቓ እዩ።

ድሕሪ እቲ ብቐዳመይቲ ሚኒስተር ጃፓን ዝተዋህበ መግለጺ፡ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ዜጋታታ ናብ ጃፓን ከይገሹ ከም ዘተሓሳሰበት'ውን ይሕበር።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ማኦ ኒንግ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ጃፓን፡ ነቲ ንዝምድና ክልቲአን ሃገራት ዘሻሕክረ ዘረባኣ ደቒረታ ምስ ዘይትሓተሉ፡ ሃገራ እውን ተረርቲ ቀረጽን ግብረ መልሲ ከም እትህበሉ ኣፍሊጣ።

ዋና ጸሓፊ ካቢነ ሚኒስተራት ጃፓን ሚኖሩ ኪሃራ ግን፡ ቶክዮ ብዛዕባ'ቲ ብህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ዝወጸ ሓዲሽ መግለጺ ዝምልከት ዝኾነ ሓበሬታ ከም ዘይመጻ እዩ ዝገልጽ።



ቅድሚ ቁሩብ ኣዋርሕ፡ በይጂንግ ነቲ ንኽልተ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ምግቢ ባሕሪ ጃፓን ኣጽዲቓቶ ዝጸንሐት እገዳ ከም ዘቕሰሶ ምሕባራ ዝዝከር እዩ።

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ሓደ ሕምሲት ካብቲ ጃፓን ናብ ወጻኢ እትልእኮ ምግቢ ባሕሪ ከም እትሸምት፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ጀርመንን ሽወደንን፡ ኣብ ጽላት ምክልኻል ክተሓባበራ ተሰማሚዐን



ጀርመንን ሽወደንን፡ ኣብ ጽላት ምክልኻል ዘለወን ክልተኣዊ ምሕዝነት ንምዕባይ፡ ናይ ማዕከር ስምምዕ ከም ዝኸተማ ተሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀርመን፡ እቲ ስምምዕ ኣብቲ ትማሊ ረቡዕ ዝተዛዘመ ንኽልተ መዓልታት ዝቐጸለ 'ዋዕላ ጸጥታ በርሊን'፡ ብሚኒስተር ምክልኻል ጀርመን ቦሪስ ፒስቶርዮስን ሽወደናዊ መዛኑኡ ፓል ጆንሰንን ከም ዝተኸተመ ኣፍሊጡ።

ብመሰረት እቲ ሚኒስትሪ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እቲ ዝተኸተመ ናይ ማዕከር ስምምዕ፡ ኣብ መንጎ ሰራዊት ናይ'ተን ሃገራት ዘሎ ምትሕብባር ከዕብን ዘካይድዎ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምዳት ከዕምቑን፡ ከምኡ ድማ ዕድገት ዘመናዊ ወተሃደራዊ ቴክኖሎጂ ክካይዱን ከኽእል እዩ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ተስፋ | 20/11/2025 | ጎደና ዓሊቴና መረብ 716 ቁ.14፡ ቀሓውታ | 186839 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565